11743

ዛንታ ኤርትራ

RDC
1

ታል ይሓልፍ ጽሑፍ ይተርፍ



ዝክረ ለማዕታት ኤርትራ

ብ

ፊተ. ሚካኤል ሓላማ ራካ

900
MIK

ዛንታ ኤርትራ

ታል ይሓልፍ ጽሑፍ ይተርፍ



ዝከረ ለማዕታት ኤርትራ

ብ

ፈተ. ሚካኤል ሓላማ ራካ

ዛንታ ኤርትራ

ቃል ይሓልፍ ጽሑፍ ይተርፍ

DOCUMENT RDC

ብ

ፊተ. ሚካኤል ሓሳማ ራካ

ኣን ሚኪኤለ ከሐለፉ። ኣን ንጉሴ ለሀሁን።
ኣዛ ሐሳር ዘንታ ኤርትራ ንገሥግሥት ወይኣለያን
ኤርትራ ዘንታ ሃገርና ንሕርሀ ዘኣ ንገሥግሥ
ሓለፉ ኣንገገር። ከኖ ኣብን ናይ ሃብሻ
ሓቀይሀ ለሀሁኖ ኤርትራውያን ሃሳገር
ሰገዱለ ናይ ዘንታ ቦኣን ወይ ናይ ንገሥ
ኖሁራት ንከሰርኑ ኣዛ ወይሐይሳ።
ኣስተሳስብኖ ትግሬ ሃገ።
ኖለ ገለጹለ ለሳኖ።

ወይሐሪ ሓወልዱ ሰርሃን።

የካቲት 1986 ዓራሲ ፡ ሬት. ሚካኤል ሓሰማ ራካ

ዓራሲ ሓበሬታ ንምርካብ ኣተመልከትን መዓሕፍቲ ፡-

ሓሰቃ ታየ - የኢትዮጵያ ዘርና ህዝብ ትዉልድ
ተክለ ጻድቕ መኩሪያ - የኢትዮጵያ ታሪክ ኑብያ ንክሱም ዛገሎ
ካርል ጉስታብ ሮዲን - ክፍኤ መንሳዕ ዱግም ወፍትሕ መዓጹታት
ኤነኖ ሲትማን - ዘ ፕሪንሰቱን ኤክስፐድሽን ቶ ኣበሲንያ
ኮልሞድን - ወሰጼ ህዝቢ ሓማሴን
ኣ.ፖለራ - ሳ ፓፓሳዚዮነ ኢንዱጂነ ዱሰ ኤሪትሪያ
ኣ.ፖለራ - ሳ ዱና ኤትዮፒ ካ
ኮንቲ ሮሲኒ - ሳ ስቶሪያ ዱ'ትዮፕያ
ሱካ ጹይ ሳበሲ - ሳ ስቶሪያ ዱ'በሲንያ
ሰር ዊ. ባጅ - ኤ ሂስትሪ ኦፍ ኢትዮፕያ
ቱፓር ሓሰን ሑሴን - ንሰ ኧማም ወ ኣእንስ
ዳንተ ኦጹሪዚ - ኮሚሳርያት ዱ ማሳዋ
ፒ.ከደ. ሂቲ - ዘ ኣራብስ
ሮሳንዱ ኦሲቨር - ዘ ዱውን ኦፍ ኣፍሪካን ሂስትሪ
ኣ.ፓዉሰ - ኤ ሂስትሪ ኦፍ ዘ በኻ ትራይብስ ኦፍ ዘ ሱዳን
ኤፍ. ማርቲኒ - ሪሳዚዮነ ሱሳ ኮሎኒያ ኤሪትሪያ ንንኖ 1902-7
- ኢ ፕሪሚ ተንታቲቪ ዱ ክሎኒዛስዮነ ኣግሪካሳ ኤ ፓፓሳመ
ንት ዱሰ'ኤሪትሪያ - 1890/95
ፐርሰ ኤስ.ባክ - ተሰ ዘ ፒፕስ

መሰሰ ዱራሲ ዝተሓሰወ ኢዩ ፡ ካብ'ዚ መጽሓፍ'ዚ ብሙሱኣ ይኽኑን ብኽፈሰ ቀዲሕካ ምሕታም ብሕረ የኽስስ ኢዩ።

ዋጋ 30.- ማርክ ጁርመን

ኣብ ሜዳ ንዝወዲቑ ጀጋኑን
ብማይ ኣብ ዓዲ ንዝሞቱ ሰላማዉያንን
መዘክርታ ኮይኑ ይንበር

መ ቅ ድ ም

ብኣዋኑ ኣተዓሕፈ ምሉእ ታሪኽ ኤርትራ ስለ ዘየሎ፡ ኣብ ሃገርና ኤርት
ራ ካብ ቃልም ኣንሒዙ ኣየናይ ህዝቢ ከምዝተቐመጠን፡ካበይን ከመይን ኣየ
ናይ ዘመንን ከምዝመጸን፡ብገዛኡ ናይ ዝነበረ መራሕቲ መንነትን ዝጥቀ
ሙሉ ዝነበሩ ሓይነት ኣመራርሓን፡ምስ ካልኦት ኣህዛብ ከመይ ዝበለ ርክ
ባት ከምዝነበሮምን፡ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ምስ ጐሮቤት ኣተኻየዱ ዉ
ግኣትን መንቀሲኡን፡ዝተርክበ ሓወትን ወይ ውድቀነን፡ዝተበጽሐ እልማ
ኔን ዝነበረ ትምህርታዊ ቓልጠትን ባህልን፡ዝነየድ ዝነበረ ንግዱን ሸቐጣ
ናይ ህዝቢ ምንቅስቓስን ዝነበሮ ናብራን፡በብኣዋኑ ዝነበረ ናይ ሃገር መ
ልክዓ መሬት ኣቀማምጣን ኣረጋጊጽካ ምጽሓፍ የሸግር ኢዩ።

ትጉሃት ፁቂ ወዳኢ ናይ ታሪኽ ጸሓፍቲ፡ናይ ገሰ ዓሌታት ኤርትራ ሕል
ፍ ሕልፍ ኢሉም ዘዓሰውዎ ታሪኽት ኣሎ። ንሱ ድማ ነቲ ሕጹ ብዝነገሳ
ል መጠን ኣብ ሓጺ ክጥርንሮ ዝፍትን ዘሎኹ ታሪኽ ብዙሕ ክረድኣኒ ክ
ኢሉ። ካምኡውን ዓበይቲ ዓፍና ትጉሃት ካለም ምኻኖም መጠን ካብ ኣቦ
ታፂም ዝሰምዑዎ ኣገዳሲ ዘንታታት ስለ ዘድንሑፉና ሓነበይ ንምምሳኽ
ጠቒሙ ኢዩ። ብኣፍ ዝመሓሳሰፍ ዘይጽሑፍ ዛንታ ብንውሒ ዘመንን
ሲኡ ኣገዳሲ ነገራት ከይተረስዓ ኣይተርፍን። ኣንተኾነ ነለም'ቲ ትግሪ ዝብ
ልዎ "ገመፅነን ምን በዲ ኣብ ሕኣሱ ተዓወት" ኢዩ ኣሞ ብተገዳስነት ክ
ንጽዕረሉ ዝግባኣ ነቲ ክሳብ ሕጂ ዝዝከር ዘበለ ብጽሑፍ ምእላሩ ኣይ።

በብቦታኡ ኣናዘርካ ዓበይቲ ፃዲ ኣናሓተትካ ኩነታቱ ተመፅኪት
ካ ምሉእ ታሪኽ ምጽሓፍ ኣጽሳዩ ኢዩ። ኣፍቀርቲ ህዝቦም ምሁራት መ
ንኣሰይ ኤርትራ ብዛገሮ ስምዒት ተዴሪኽም ክፍጽምዎ ትጽቢት ኤርት
ራዊ ህዝቢ ኢዩ። ካብ ስልጡናት ክፍሶ ዓሰማት ዝመጹ ትጉሃት ጸሓፍ
ቲ፡ታሪኽና ንምጽሓፍ ምድካሞም ኣሞ ብቕንቕኣም ጽሒፎም ታሪኽና
ክምህሩና ኣንከሉው፡እቲ ካባና ክዉሰዶዎ ዝግባኣ ንሕና ንዓታቶም ክ
ንሓትት ኣንከሉና ዝለምዓና ሕፍረት ዓቢይ ክዴኮነ ኣይተርፍን። ዘገር
ም'ዩ! ኣብ ዉሽጢ ገዛና ዘሎ ንዓና ዝምልከት ጉዳዓት ክንዴይ ቃሳዓ
ት ተሳጊሮም ክንዴይ ስፊሕ መሬት ኣቑሪጽም ካብ ካልኣ ክፍሶ ዓሰ
ማት ነዝመዱ ሰብ ከማና ታሪኽና ንገሩና ኢሉና ክንሓትት ኣንከሉና

ነፃም ኩሉም ናይ ታሪኽ መዳሕፍቲ
ብምልቃሕን ነቲ ጽሑፍ ንምትኽካሽን
ንምኣታምን ተኽኒካዊ ይኹን ሞራሳዊ
ምኽርታት ብምልጋስ ሓገዘም ዝመፈየሎ
ኣዕሩኽተይ ሰባዊ ምስጋናይ ኣቕርብ

ኩርዓት ኣይስምዓናን ።

ኣብኣከባቢ ናይ ዝርከባ ጐረባብቲ ዛገራት ታሪኽን ጠቅሳሳ ባህሳዊ ኩነ
ታትን ምፍሳጥ ነቲ ናይ ዛገር ታሪኽ ብዝበሰጸ ለሰ ዘብርሆ ክጥቀስ ኣዳሳ
ዩ ኢዩ ። ምስ ዛገርናን ህዝብናን ዝምዕድና ኣሰወን ተባሂሉ ዝኾመነሉን ዛ
ገራት ኣብ'ዚ ክጠቅሰን ዝዉሲ : ኢትዮጵያ ሱዳን ሳውዲ ዓረብ ግብጺ
ምስ ማኣከላይ ምስራቕ ኢየን ። እዚ ታሪኽ እዚ ንምጽሓፍ ብርክት ዝበሉ
ብፈረንጂን ኣዕራብን ኢትዮጵያውያንን ኣተዪሰዉ መዛሕፍቲ ተመልኪተ ኣሰ
ኹ ። ኣስማቶም በብደዚኡ ኣብ ዝጠቕሶ ዘንታታት ስለ ዝርከብ ኣንባቢ ክ
ምልከትም ይኽእል ።

እዚ መጽሓፍ'ዚ ንንቕሓት መንኣሰይ ኤርትራውያን መበራትዲ
ከይኑ ብሳጊው ሕፍና ተዪሪኽም ዝዓመቲ መጽናዕቲ ብምፍጻም ዝተ
ማልኤ ሰፊሕ ዛንታ ጽሒፎም ንህዝቦም ከበርክቱ ዘሉኒ እምነት ዓቢ
ይ ኢዩ ። ህዝቢ ዝሳብርን ዝዓብን መንነቱ ምስ ፈሰጠ ጥራይ ለሰ ዝኾነ
ታሪኽ ብኣዉ ምጽሓፍ ዘይምዝንጋዕ ። ኩነታት ዛገርን ህዝብን ንም
ከትታል ዝጠቅምለሰ ዝኾነ ታሪኽ ምጽሓፍ ግድን ኣድሳዩ ኢዩ ። ታሪኹን
ባህሉን ንዘይትፈለጦ ህዝቢ እንታይ ግምት ክትህቦ ትኽእል ? ዝኾነ ኾይ
ኑ ታሪኽ ዋጋ ዝርከብ : ኣብ ሓቂ እተመስረተ ብዓይነኻ ዝረኣኻዮ ካብ ተመ
ኩሮ ዘሉዎም ዓባይቲ ዝሰማዕነዮን መጻሕፍቲ ተመልኪትካ ዝርኸብካዮ
ን ፍልጠት ክኾውን እንከሉ ኢዩ ። ዝሳሰፈ ታሪኽ ዘንጊዕካ ሓዲስ ታሪ
ኽ ንምፍጣር ምጽዓር ክንቶ ነገር ኢዩ ። በዚ መስረት ዝዓሉ ታሪኽ ዕሳ
ማኡ ይስሕት ።

ታሪኽ ናይ ሓዱ ዛገር : ዝሳሰፈን ዘሉን ፖለቲካውን ሕብረተሰብኣዉን
ኤኮኖሚያውን ኩነታት ተንቲኑ ዝገልጽ : ዝሳሰፈ ዛንታ ንሓዲስ ትውልዲ
ዘመሓላልፍን ዛገር ንምህናጽ ዝድግፍን ሳይንቲፈካዊ ትምህርቲ ኢዩ ።
እሰ'ዚ ዕብየት ናይ ሓዱ ዛገር ብዘሉዎ ታሪኽን ማኣበራዊ ናብራን ኢዩ ዝግ
መት ። ናይ ዓሰም ህዝቢ ኩሉ ሓዱ ዓይነት ባህልን ናብራን ክህልዎ ኣይክ
እልን : ምኽንያቱ ኽኣ እተፈሳሰየ ዓሌታት ክይኑ ኣብ ለበይኑ ወገናት ዓሰም
ለሰ ዝነብር ኽግሩን ሳፈጣኔኡን ሓዱ ለሰ ዘይኽነ ኢዩ ። በዚ መ
ጠን ናይ ዝኾነ ይኹን ዛገር ባህሊ ይሰልጥን ኣይሰልጥን ናይ'ቲ ህዝቢ ጽ
ሳይ ዘማልኽ እንተኾኣ ክይኑ ክነዓቕ የብሉን ። ቀዳሞት ኤርትራውያን
ግርም ዝኾነ ባህሊ መስሪቶም ኢዮም ። እንተኾነ ተመሓይሹ ምስ ጊዜ ክ
ም ዝግስግስ ለሰ ዘይተገብረ ጉድሰት ይርከቦ ። ካብ መስረት ዛገራዊ ባህ
ሊ ከይወዳእካ ምምሕያሹ ኣድሳዩ ኢዩ ።

ናይ'ዚ መጽሓፍ'ዚ ዕሳማ : ኤርትራዊ ህዝቢ ሓድነቱ ዝርኸበሉ
መንገዲ ሳለስ ንምባል ኢዩ ። እግር እርትራዉያን ብሱር መስረቱ ናይ
ስምምዕ ምስኣን ሳዕቤን ምኻኑ ዘይርዳኣ ለብ የልቦን ። ኤርትራው
ያንን ኢትዮጵያዉያንን ለበ-ለልጣን በብእዋኑ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኖ
ቕናን ግፍዕን ክዋጽሙ ዝኾኣሉ : ህዝቢ ሓድነቱ ሓልዩ መስሉ ክኾ
ብር ብዘይምኽኣሉ ኢዩ ። ነዚኦቲ ኣብ ኩሳ ዓለም ሕዉለዋስ ዘይብሳ
ናይ ሓንቲ ዓሌት ዛገር ዘየሳ : ጥንቲ ኤርትራ እውን ካብ ብዙሓት ዓሌ
ታት እተኾነወነት እያ ። ይኹን'ምበር ሎሚ ብናይ ብዙሕ ዘመናት መ
ውስቦ ተሓዋዊሱ ሓንቲ ኤርትራዊት ዓሌት ብምፍጣር ሓድነቱ ኣረ
ጋገጹ ኢዩ ። ኣእንኳይዱ ኤርትራዊ ህዝቢ ናይ ቀረባ ዘመናት ዓጽመ-ለ
ውን ሎሚ ምድራ ምስ መግሓሱ ዓጽመይ ዓሌተይ እናበለ ካብ እለፍነ
ኣፍሪቃን ኣመሪካን ኤውሮጳን ሩሲያን ህዝቢ እናኣከቡ ኣብ ርስቲ
አቦታቱም ይመፅሱዎም ኣሰው ። ነቶም ቅድሚ ሰለስተ እሕ ዓመት ጅሚ
ሩ ኣብ እትየጵያ ተርእትዮም ዝነበሩ ብዙሓት ጸሰምቲ ፈሳሻ ዝበሳሉ እውን ካ
ይተረፈ እስራኤል ዓድሞም ንክኾብሩ ፓለቲካውን እማኢታት ሚሬዮናት ገዝዘብን ዝ
ሰርም እስራኤል ኣሽትዮምዎም ። ኤርትራዊ ዘይሓብሩ ምኽንያት የልቦን ።

ኣብ'ዚ መጽሓፍዚ ተጠቒሱ ዝርከብ ዓመተ ምህረት ናይ ም
ዕራባዉያን ኣቆጻጽራ (ግሪጎርያን ካለንዳር) ዝኽተል ኢዩ እሞ : ኣንባቢ
ነዚ ፈሲሱ ክጥቀመሉ ኣዘኻኽር ።

ደራሲ

እግዚኡ ኣድኅና ሰብሐርነ
እስመ ኣፈብነ ረዳኢ
በረዚ ምንዳቤ ወሓዘን
እለመ እምበለከ ባዕዱ
ኢነ ኣምር

ቀዳማይ ክፍሊ

ጥንታዊ ታሪኽ

ታሪኽ ናይ ሓዱ ሃገርን ህዝብን፡መንነት ዝገልጽ ኣገዳሲ ትምህርቲ ኢዩ። ታሪኹ ንዘይትፈለጦ ህዝቢ፡ዝግብኦ ግምት ምሃብ የሸግር ። ኣልዕሰ ኣቢልካ ናይ ርእስኻ ዕብየትን ጭውነትን ንምግሳጽ ምጽዓር ፡ታሪኹ ንዘይትፈለጦ ጕሪቤትካ ግን ኣትሕት ኣቢልካ ምግማት ጌጋ ክኽትል ይኽእል ። ህዝቢ ዓለም በብወገኑ እተፈላለየ ባህልን ስልጣኔን ኣለዎ ። ገሊኡ ናጻ ናብራ ረኺቡ ባህሉ እናኣማሓየሸን፡ቁጠባዊ ናብራኡ እናኣማዕበለን ኣብ ዕብየት ይበጽሕ ። ገሊኡ ዱማ ተጨቊኑ ጥንታዊ ጽሑር ናብራ ተኽቲሉ ፡ብጽኽነትን ሽግርን ተዓቢጡ ክነብር ይርኢ ።

ህዝቢ ዝስልጥን፡ናይ ስራሕን ሓሳብ-ምግላጽን ናጽነት ረኺቡ ፡ንቑሓት ጥበበይናታትን ብቑዓት ኣመሓዳርን፡ንኽፈጥር መንገዲ ኽኽፈተሉ እንከሎ ኢዩ ።ካብኡ ዝተረፈ "ሱቕ በለ፡ሓንቲ ዘይትፈልጥ ዱንቆሮ ኢኻ፡ ዝበልናካ ጥራይ ስማዕ" እናበልካ ንህዝቢ ምቁላል፡ሃገራዊ ስምዒት ናይ ዘይብሉም ሰበ-ስልጣን ተግባር ኢዩ ።በዚ ዓይነት ዝመሓዳር ሓፋሽ ዱማ ዕብየት ክረነብብ ተስፋ የብሉን ። ህዝቢ ኤርትራ፡ወሰዱኡን ታሪኹን ፈሲጡ፡መንነቱ ንምግማት ካልኣይ ግዜ፡ብዝብፈ ሓሳብን ትምኒትን ብዓቕመይ እዛ ሓጻር ዛንታ ክቕርብ እናፃንኩ።

ብኣዋኑ እተዳለወ ጽሑፍ ታሪኽ ስሩ ዘየሰ፡ብመሰረቱ ምሉእ ናይ ነዊሕ ዘመናት ዛንታ ኤርትራ ኣጽሪኻ ምጽሓፍ ቀሊል ኣይኮነን ። እንተኾነ ካብ ጥንቲ ጂሚሮም፡ናይ ወዲ ሰብ ታሪኽ ንምዕሳጥ ብትግሃት መጽናዕቲ ዝገበሩ ጸሓፍቲ፡ናይ ሃገርና ዜና እውን ብመጠኑ ስሩ ዝጠሕሉ፡እቲ ዝገዳፉና ኣሰር ምምልካት ክሕግዝ ይኽእል ።

እዛ ሉሚ ብለምለም ኤርትራ እትጽዋዕ ዘሳ ሃገርና ፡ጥንቲ ናይቲ ብስም ኩሽ ወይ ኢትዮጵያ ዝጽዋዕ ዝነበረ ሰፊሕ ሃገር ኣውራኻ ነበረት ። ሕጂ ዘሎ መሬት ኤርትራ ፡ስፍሓቱ ፡119.000 ኪሎ ሜትር ትርቢኒት ኣቢሉ ይኽውን። ናይ ባሕሪ ወሰናስና፡ካብ ራስ ዱሜራ ክሳብ ራስ ቃሳር ፡ንዉ ሓቱ 800 ኪሎ

ሚኑር ምኟኑ ይግመት ። ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከባ 220 ዓበይቲን ንኣሽቶን ዱሴታት ኣሰዋኣ ። ኤርትራ ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ጁግራፊነዊ ቦታታት ትምቀ ፅ፡ ነበሰነን ወይኑ-ጸጋን ቕሳን ። ናይ ኣየሩ ኩነታት ኣውን በዚ መጠነ ይነክፈፈሉ። ባህርያዊ ኣቀማምጣ መሬት እርትራ ፡ ዓሰምሰነዊ መራኸቢ ስለ ዝኾነ፣ ግብ እተፈላለዩ ክፍሊ-ዓለማት መጺኡም ዝሰፈሩዋን፡ብነ ኣቢሉም ዝሓለፉን ዓ ሌታት ብዙሓት እዮም ። ስለ'ዚ ሱሚ ዘሉ ህዝቢ ፡ግብ ነዊሕ ዘመናት ጁሚሩ በብወገኑ መጺኡ ሓቢሩ ዝተቐመጠ ሌማውን ሃማውን ዓሌታት ኢዩ ። ንሱ ብ መውስቦ ተሓዋዊሱ ሓዱ ኤርትራዊ ዓሌት ፈጢሩ ይርከብ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክርስትናን ምእሰምናን ይኣምን ፡ትኽዓተ ቁንቁታት ከነ ይዛረብ። ካብ'ዚ ኣተን ቁንቁታት ኣዚነትን ፡እተን ብዝሰፍሐ ዝዝርበሰን ትግረን ትግርኛን ኢ የን ። መሰረተን ከነ ግዕዝ ኢዩ።

ናይ ጥንቲ ግሪካውያን ጸሓፍቲ ታሪክ በዓል ኣሪስቶተለ ፡ፕለን ፡ሶክራተስ ኣር ታርሽዓ ፡ሲትራቦ ፡ ጵዮዶር ሲኩሉ ፡ኣርቲሚዶር ፡በብኣዎት ኣብ ዙርያ ቀይሕ ባሕሪ ንዝርከብ ሃገራት በጺሖም ፡ዝረኣዩዎን ዝሰምዕዎን ብምጽሓፉ ዘጽንሑልና ዛንታ ክ ም ዝብሉ ፡ናይዛ ሃገር ቀዳሞት ተቐማጦ ትሮግሎዲት ፡ሲቱሩፋኽ ፡ኣክሮፋጺ ነበሩ ። ከምቲ ሽዑ ዝርከቡዎ ኩነታት ገይሮም ነቲ ህዝቢ ብመልክዑን ብስርሑን ብዝበልዖ መግብን ጠቕሳሳ ናብራኡን ኣማሊኡም ጸሓፉ ። ገፊቲ ዓሳን ሃዱ ንትን ፡ኣብ በዓትታትን ብተንኮባ እተሰርሐ ገዛውትታትን ዝነብሩ ፡ከዓን ዘይፈ ጡ ፡ኣንስቶም ናይ ሓባር ፡ዱቄም ኣቦታቶም ኣረጋገጸም ኦሳ ዘይፈልጡ ብስ ም ኣዴታቶም ዝጽውዑ ናይ እንዳ እኖኡም መገን ይኾኑ ፡ብነገስታት ወይ ብ ገዛእቲ ዘይኮነ ብዓበይቲ ዓዱ ዝመሓዱሩ ፡ቃል ዓበይቲ ከም ሕጊ ገይሮም ዘ ክብሩ ፡ዝሓሸ መግቢ ኣብ ዝርክቡሉ ኣውራጁታት እናዘሩ ናብራኡም ከመኣ ይሹ ዝጽዕሩ ፡ቀዋሚ ዓዱታት ዘይብሉም ፡እናበሉ ይገልጽዎም።

ጥንቲ ፡ኣብ ወሰን ግብጺ ክሳብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ዝርከብ ሰፊሕ መ ሬት ኣፍሪቃ ብኽፍተ ስም ይፍለጥ ነበረ። ንሱ ጽማ ኩሽን ኢትዮጵያን ዝ ብል ኢዩ ። ኢትዮጵያ ዝብል ቃል ብግሪኽ ጸሊም ማለት ኢዩ ይበሃል ፡ነዛ ሃገር ኢትዮጵያ ኢሉም ዘሰየሙዋ ጁማ ግሪካውያን ምኟናም ይዝንቱ ፡ምኽንያቱ ከኣ ጸሊም ህዝቢ ስለ ዝቕመጣ ኢዩ ።

ሰር ዋሊስ ባጁ ዝበሃል ዱራሲ ፡ኣብቲ "ታሪኽ ኢትዮጵያ" ዝሰየሞ መጽ ሓፉ ፡እቲ ሄሮዱቶስ ዘተዓሀለ ግሪካዊ ጸሓፊ ብ484 -425 ቅጽሚ ልዱተ-ክ ርስቶስ (ቅ.ል.ክ.) ብዛዕባ እዚ ሰፊሕ ሃገር'ዚ ዝገለጾ ከጠቕስ እንከሎ"እ ቲ ብዱቡብ ግብጺ ዝርከብ ሰፊሕ መሬት ፡ብዙሕ ናይ ወርቂ ሃብቲ ፡ናይ ሓር ማዝ ስኒ ከም እ'ውን በብዓይነቱ ብዙሕ ኣዕጻው ዘሉዎ ሃብታም ሃገር እ ዩ ። ኣብኡ ዝቕመጡ ህዝቢ ጁማ ጽዩሮም ዝኽተቱ ፡ናይ ስነ-ስርዓትን ጽቡቕ መለክዕ ዋ ዕዳት ሰውነት ፡ኣብ ካልኣ ህዝቢ ዝነውሐ ዕጹመ ዘሉዎም ኢየም ይብል።[1]

ሱሚ እውን እንተኾነ ኣብ'ዚ ተመልኪቶ ዘሎ ክፍሊ መሬት ኣፍሪቃ ዝቕ መጥ ህዝቢ ፡ብመልክዑ ኮነ ብኽግንነቱ ጽቡቕ ዝና ዘለዎ ኢዩ ። ህዝቢ ኢትዮ ጵያን ሱዓንን ፡ኣንጻር ናይ ወጻኢ ሓይልታት ኣብ ዑጋልን ዓጹዋን ሰዋኪንን ነ ርቱምን ዝፈጸሞ ጁግንነት ዝመልኡ ተግባር ብሩህ ምስክር ኢዩ ።

ኣብ ነዊሕ ዘመናት ኣትሒዙ በብኣዎኑ እናመጸ ኣብ'ዚ ሃገርዚ ዝሰፈረ ወ ይ ብኡ ዝሓለፈ ዓሌታት ብዙሕ ኢዩ ። ነፍሲ ወከፍ ዓሌት ነቲ ዝነበሮ ዘመን ዝሰማማዕ ስልጣኔ ነበሮ ። እቶም ቀዳሞት ፡ዘይሰልጠኑ እኩብ ሕብረተ-ሰብ ዘይፈልጡ ፡ከም እንስሳ ፋሕ ኢሉም ኣብ ዝመሰየም ዝሓድሩ ዝነበሩ ይመስል፡ ቀጺሉ ግን ኣብ ነባሪ ዓዱታት ዝቕመጥ ፡ሕርሻ ምምዕባልን ክብቲ ምርባሕን ክእሰት ዘለዎ ብኢዱ-ጥበብ ዝሰልጠነ ህዝቢ ሰዓበ ። ምስክሩ ጁማ እቲ ዘይ ሕነኽ ዝገዱፈሰና ኣሰር ኢዩ ።

እዚ ህዝቢ'ዚ በብዘመኑ ዓበይቲ ስርሓት ፈጢሪ ። ኣብ ኣዱሊስን ፡ጅ ሓይቶን፡ መጠሪን ፡ኣክሱምን ፡የሓን ፡ዓራቱኽን ፡ጹብር-በዓትን ዝገዱፈልና ኣገዲ ሓውልትታትን ፡ጽሑፋትን ፡ናይ ወርቅን ብሩርን ገንዘብን ፡በብዓይነቱ ኢዱ-ጥበባትን ምስልታትን ፡ኣዱነቾቲ ዝኾኑ ህንጻታትን ፡እንታይ ዓይነት ህዝቢ ከምዝነበረ ንም ግማት ይሕግዘና ። እዚ ተጠቒሱ ዘሎ ኢዱ-ጥበባት ፡ኣብ እተፈላለየ ጊዜ ፡ብኽ ተፈላለየ ህዝቢ እተፈጸመ ይመስል ። ንምሳሌ እቲ ኣብ ዓራቱኽን ዱብር-በዓት ን ዝርከብ ኣሰር ፡ኣብቲ ናይ ቁሓይቶን መጠሪን ኣኽሱምን ኢዱ-ጥበባት ፡እተፈላየ ተከኒካዊ ክእሰትን ኣተሓሳሰባን የርኢ ። እቲ ዘእዝዝ ግን ፡ብኽዋኑ እተዳሕፈ ታ ሪኽ ብዘይምህላው ፡ነዚ ዘዴንቅ ስርሓት'ዚ ዝፈጸመ ህዝቢ ፡ መንነ በየናይ ዘመን ዝነበረን ምኟኑ ፈሊኻ ንምፍሳጥ ዘይምኽእል ኢዩ ። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ጉድለት ንኽይርከብ ክኣ እዩ ስልጡናት ሃገራት ዓለም ታሪኾም ብእዋኑ ጽሒፆም ንው ሱዱ ወሰዱ ዘመሓላልፍዎ ።

ካብ400 ክሳብ 100 ቅ.ል.ክ. ኣብ ዘሉ እዋን ፕለን ዝጸሓፆ ፡"ኣብ ኣ ከባቢ ባሕሪ ኤርትራ (ፐሮፕሉ ማረ ኤሪትረዮም)" ኣብ ዝስሙ መጽሓፉ ሰፊሩ ከም ዝርከብ ፡ኣብ ኣሶር ፡ኣብ ባቢሎን ፡ኣብ ዱቡብ በርኻ ሲና ፡ኣብ ናፓታ ኣብ ሕጫዝ ናፃ ዝኾና እተፈላለዩ ዓሌታት ነበሩ ።ኣብ የመን ከኣ እዘን ዝስዕባ፡

ሀ- ሚነይ፡ዋና ከተማኣ ካርና ፡-

ለ- መንግስቲ ሳባ ፡ ዋና ከተማኣ ማዕሬብ ፡-

ሐ- መንግስቲ ከተባኒ፡ግዝኣታ ክሳብ ባብ እል መንዱብ ዘከፋሕፍሐ፡ዋና ከተማኣ ሓንሳእ ታምና ሓንሳእ ጁማ ሳባታ ትሰዋውጥ ፡-

---

[1] W.BUDGE - A HISTORY OF ETHIOPIA - Vol. 1 - P. 1 - METHEN AND COMPANY LTD. 36 ESSEX STR. W.C. - LONDON

መ- መንግስቱ ሕምዓሪት፡ ዋና ነተማኣ ራደዳን ፡- ነበራ ። ኣብ ሓውፊቲ ኣተረኽበ ጽሑፉ ፡ብኢቃውንቲ ተመርሚሩ ነግሰጽ ነምሃኣተኻኣሰ ፡ግብ ኻም ናይ ነፍሰ ዘመነ ቅድሚ ፊዴት ክርስቶስ ፔሚራ ፡ ግብ'ዘን ኣርባዕተ ሃገራት የመ ን ፡ህዝቢ በብጊዜኡ ንባሕሪ ኤርትራ እናሰገረ ኣብ ምብራቓዊ ክፍሊ ኤርትራ ይቕመጥ ነምዝነበረ ይሕብር ። ኣብ መጨረሽታ ዱማ ሓበሻትን ኣግዓ ዝዓንን ዝበሃሳ ዓሌታት ዩቕጣን ብብዝሒ ንኢትዮጵያ ኣተዋ ። ንሳተን ብሓ ጹ ስም ሳባውዓን ይበሃሳ ። ሳባ ድማ ወዲ ዩቕጣን እዩ ። ኮንቲ ሮሲኒን ሉካ ዱይ ሳበሊን ኣብ ዝጸሓፍዎ "ታሪኽ ኢትዮጵያ" ፣ "ታሪኽ ሓባሻት"ን ተገ ሊጹ ነምዘሉ ፡ ምኽንዩት ናይ ሳባውዓን ናብ ኢትዮጵያ ምኣታው ነምዝ ዝ ስዕብ ኢዩ ።

መንግስቱ ሳባ ኣብ የመን ገኒት ፡ ብወተሃዳራዊ ሓይን ንግድን ሰፊጢት ፡ ም ስ ኢትዮጵያን፡ማኣክሳይ ምስራችን፡ህንጻን ፡ ሰቤሕ ናይ ንግዱ ስራሕ የግይድ ነበር ። መ ንግስቱ ሳባ ሓፃፊ ምኻን ዝዒመረሉ ኣዋን ብርግጽ ኣይቆሰጥን፣ኣነተኽነ ግን ብ 1000 ቅ.ፈ.ክ. ኣቢሉ ዝኽውን ፡ሰለሙን ኣብ ኣእራኢል ነረሱ ኣብ ዘነበረሉ ዘ መን፡ናይ ሳባ መንግስቱ ዓቢይ ዝና ነምዝነበሮ ብጥንታውዓን ጸሓፍቲ ተመሰ ኪቱ ይርነብ ። ሓጺ ካብኡ ኽኣ ኣቲ ንግስቱ ሳባ፡ጥበብ ሰለሙን ንምፍሳጥ ና ብኡ ምኻጹ ኢዩ ። ኣቲ መንግስቲ'ቲ ንባሕርን ውቅዓኖሳትን ዝስንጥቓ ዓበ ይትን ቅልጡፋትን ናይ ንግዱ መራኽብ ብብዝሒ ሰራሑ ምስ ጉረባብቱ ሃገራ ት ጽውቅ ናይ ንግዱ ኣገቅአቃሉ ፈጠረ ። ኣብ የመራዊ ወገን ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ማዕዱ ሓውሲ ጹሴት ዓረብ፡ማለት ብወገን ኣፍሪቃ ፡ኣብ ዘተፈላለየ ሰ ፈራት ናይ ንግዱ ነቑጣታት መስረተ ። ናይ ማኣክሳይ ምስራችን ህንጽን ኣጫ ሑት ንኢትዮጵያ እናሸጠ ብሰውሙ ኽኣ ናይ ንፍሪቃ ኣጫሑት ንህንጽን ማ ኣክሳይ ምስራችን ይፈኣኽ ነበረ ።

ሉካ ዱይ ሳበሊ፡ ኣብ ጥንታውዓን መጻሕፍቲ ረኺበዮ ኢሉ ዝጠቕሶ ዛ ንታ ነምዘረዱእና፡ መንግስቱ የመን፡ነጋሳ ዝበሃሉ መኰንናት ሰብስብቲ ግ ብሪ ነበርዎ ። ስርሑም ድማ ነቶም ነጋዱ በብሃገሩ እናሰዳቡ ግብሪ መንግስቲ ምኣታው ነበረ ። በዚ ዓይነት ምስ ኢትዮጵያ ንብዙሕ ዘመናት ንግዱ ድሕሪ ምቕዳፉ፣ ሳባውዓን ነቲ መሬታቲ ቆሳእን ጻጋእን ዓህሲሰምን ኣጽኒፃም ን፡ብእየሩን ሃብቱን ዝሰማምዓም ምኻኑ ድሕሪ ምርማጋ ጸም ብ600 ቅ.ፈ ክ. ክሰቱ ዓበይቲ ዓሌታት ሳባ ንኢትዮጵያ ሰገራ ። ንሰን ነብኻ እተን ኣቕድም ኣቢሉን ተጠቕለን ዘሎዋ ሓበሻትን ኣግዓዝዓንን ኢየን ። ምስ ኢትዮጵያውያ ን ሓቢርካ ብሰላም ንምንባር እንተዘይኮይኑ ሃገር ንምሓዝ ወይ ስልጣን ንም ዘራፍ ፅላምኡም ኣይነበረን ።

ሓበሻት መሬቱ በሰሳን ጓጋሜን ሓውዜንን ሒዘም ተቕመጡ፡ኣግዓዝ ያን ግን ካብ ስመጻና ብወገን ሰሚን ኣብ ዘሎ ሃገር ሰፈሩ ። ጸሓፍ ታሪኽ ተክለ ጻድቕ መኰሪያ ፡በቲ ጊዜ'ቲ ናይ ኢትዮጵያ ንጉስ፡ቀዳማዊ ጲኦር ክም ዝነበረ ይገልጽ[2] ሓለቃ ታየ እውን ነዚ ይድግፍ ። ኣብቲ እዋንቲ ሳባውዓን ስልጣን ናይ ቀዳማዊ ጲኦር ፈሊጦም ብሰላም ገበሩሉ ። እንተኾነ ዱሕሪ ገሰ ዓመታት፡ናይ ማጋዲን ኣዩዲን ማሕረዊ ዝነበረ ራማ እተባህለ ንጉስ ህንዲ ንኢትዮጵያ ወሪሩ፡ ንንጉስ ጲኦር ቀቲሉ ሃገር ሓዘ ። እዚ ናይ ዓመጽ ተግባርዚ ንሳባውዓን ስሰ ዘሕዝ ኖም፡ናይቲ ዘዕቅቦም ኢትዮጵያዊ ህዝቢ ሕነ ንምፍዳይ ኣክናሁስ ዝበሃለ ኣብ ውግእ ንክመርሖም መሪጹም ንንጉስ ራማ ኮሩናት ገጢሞም ቀተልዎ፡ንሰራዊቶ እውን ካብ ሃገር ኣውጽኦም ።

ገሊኦም ጸሓፍቲ ታሪኽ ከምዝብልዎ፡ሳባውዓን ኣብልዕሊቲ ህንጻዊ ንንጉ ስ ተዓወቱ፡ኣብ ኢትዮጵያ ስልጣን ሒዞም ነመሓድሩ ጀመሩ ። እቶም ናይ መ ንግስቲ ሳባ ነጋሳ ወይ ሰብስብቲ ግብሪ ዝነበሩ፡ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ኣተው፡ብ ጽሓይ ህዝቢ ነፍሲ ወነፍዎም ናይ ወገኑ መራሒ ኮነ ። ብረዚኡ እቲ ነጋሳ ዝብል ስም ናብ ንጉስ ተለወጠ ፡ነገስታት ዱማ ተባህሉ ። ምእንቲ ሕብረት ተሓኒቡዎን ሓጺ ንኹሎም ዝጥቅሰሉ ርእሰ መራሕቲ ሾሙ፡ናይ ንጉሰ ነገስት መዓርግ ነየ'ዚ ሳዕቤን ምኻኑ ይግመት ።

ሳባውዓን፡ ካብቶም ኣብ ሃገር ዝጸንሑዎም ነገዲ ካም ዝሓሸ ስልጣኔ ስ ለ ዝነበሮም፡ንዘመኑ ዝሰማማዕ መንግስቲ መስረቶም፡ሕርሻን ምርባሕ ነብኑን ኣማዕበሉ ይበሃል ። ምስ ጥንታዊት ሃገሮም የመን ዝነበሮም ናይ ባህልን ፖሊቲካ ውን ንግዱውን ትሕዝቶ ብዝሰዓሰ ዱረቒ ቀጸልዎ ። ኣብቲ እዋንቲ ኣብ ዝነ የዱ ዝነበረ ንግስን ሽቆጥን ፡ዝውቱር ዝነበረ ዓይነት ኣጭሑት ፡ዕጣን፡ከርበ፡ ስኒ ሓርማዝ፡ቀርኒ ኣውራሪኽ፡ቆርበት እንስሳ በርካ፡ክብቲ ፡ንቤተ-መቅዱስን ቤተ-መንግስትን መእርሒ ዉዒ ንክልማት ዝኽውን ኣዕዳዉ፡ባርያ፡ ነምኡዱግ ካልኣ በብዓይነቱ ነገሩት ኣብ ኣፍሪቃ ክሰኣኽ እንከሎ፡ኣብ ማኣክሳይ ምስራ ችን ህንጽን ከኣ ፈብሲ ፡ሽታ ነምዓ ዓንበር ፡በብዓይነቱ ዕንጨን ሽልማትን ብስ ውጡ ይግዛኹ ነበረ ።

እንተኾነ፡ሳባውዓን ንሰራዊት ህንዲ ካብ ሃገር ኣውጺኦም ኣብ ኢትዮጵያ ስ ልጣን ጨቢጦም ናይ ሓባር መንግስቲ መስረቱ ንዝብል ናይ ኢትዮጵያውዓን ኣምነት ዘፍርስ ጽሑፍ ታሪኽ፡ሓዲ ስሙ ዘይተረጭሐ ብ2ፋ7-222 ቅ.ፈ.ክ. ኣቢሉ ኣብ ኣ ክሱም ነገሱ ዝነበረ፡ኣብ ሓውፊቲ ቀሪዱ ዝገዲፎ ኣዋጁ ኣተርኽበ ምኻኑ ተክ ለ ጻድቕ መኰሪያ ይጠቅስ ። ነምዝ ዝኽተል ከኣ ይብል ።

"ኮስሞስ እንዲኮፕሉስት ዝበሃል ካብ ግሪኽን ግብጽን ዝውሰዱ ሓንፈጽ በዓል እስክንድርያ፡ብምኽንዩት ንግዱ ንዓዱ ህንዲ ከይዱ ነምሰለ እንከሎ

---

[2] ተክለ ጻድቕ መኰሪያ – የኢትዮጵያ ታሪክ - ኑብዓ-ኣክሱም-ዛጉዌ - ኣን ጸኛ መጽሓፉ - ገጽ 35

ብ5ደ5 ዓ.ም. አጼ ሲስን ኣክሱምን በጽሑ። እዚ ኣዋን'ዚ ድማ ሃጸደ ካ ሌብ ናይ ኣክሱም ንጉስ ኣብ ዝነበረሉ ዘመን ኢዩ። ኮስማስ ኣጼ ሲስ ንብ ዝበጽሓሉ ኣዋን፡ እቲ ናይ ግብጺ ንጉስ ዝነበረ በጥሊሞስ ኤርበዪት ዝተ ባህሰ ኣብ መንጎ 247 -222 ቅ.ል.ክ. ኣብ ኣስጓ ዝርከቦ ዓወት፡ ከምኒ እውን ፊክዕ ኣብቲ ጊዜ'ቲ ዝነበረ ናይ ኣክሱም ንጉስ ኣብ ኢትዮጵያ በብኣው ራጫኡን ኣብ የመንን ዝርከቦ ዓወት፡ ክፊቲኣቓም ነገስታት ነናቓም ናይ ዓወት መዘክርታ፡ ብእምነበረት ኣብ ኣተሠርሐ ዙፋንን ሓውልትን ዝጸሓፍዎ ኣዋጃት ቀጺሉ ወሰዷ። ናይ በጥሊሞስ ኣዋጅ 24 መስመር፡ ናይ ኣክሱም ንጉስ ኣዋጅ ድማ 39 መስመር ጽሑፍ ነበረ። ዝግድስና ናይ ኣክሱም ታሪክ ክሰ ዝኩነ ብፍሳይ ብዛዕባኡ ንቅጽፅ። ንጉስ ኣክሱም ዝርከቦ ዓወታት ካብቲ ባ ዕሱ ዝእሓፍ ብሓጺሩ ከምኒ ዝስዕብ ኢዩ፡-

ሀ-እቲ ንጉስ ብምስራቕን ዳቡብን ንሃገር ግዕዝ (ኣግዓዚት-ኣግዓዝያን) ንዓጋመ፡ ንሲገኤ (ሰገነይቲ-ማሰቱ ይኽውን?) ንኣዋ (ዓድዋ) ንኣንጋፀ ንቲያማኦ፡ ንኣታጋዉ፡ ንካሳኣ (ጋሰ ?) ዘሚቱ፡ ስዒሩ ከምዝሓዘን ካብኡ ኽኣ ንሩባ ተክዘ ተሳሪሩ ንሰሜን ከምዘገበረ።

ለ-ብወገን ምዕራብን ሰሜንን ንሳዚኔ (ባዘን)፡ ንሻኣ፡ ንጋባሳ፡ ንኣታልሞ፡ን ቤጋስ (ቦጎስ-በሺ) ዝበሃሉ ህዝቢ ከምዘገበረ።

ሐ-ንኣኒኔ፡ ንማቲኔ፡ ንሰሲያ (ሳሆ ?)፡ ንሬዉዘን፡ ንሳውሳት፡ ከምዘገበረ

መ-ገየመን እግረኛን መርከበኛ ወተሳዒርን ፊኢኹ ንመንግስታት የ መን ንኹሰን ከምዘገበረን ይገልጽ።"[3]

እዚ ኣዋጅ'ዚ፡ ሓበሻትን ኣግዓዝያንን መጻመርያ ናብ ኢትዮጵያ ምስ ኣተው ነፃሲ ወከፍም ነናይ ባዕሉም ምምኣዳራት መስሪቶም ናጻ ከምዝነበሩ፡ ኣግኣዝያን ድማ ንነዊሕ እዋን ትሕቲ ግዝኣት ኣክሱም ከምዘይነበሩ የረድኣ። ነዚ ክኣ ካብቲ ጉዳዩ ብቐጥታ ዝጣፍሾ ንጉስ ሳፅሽ ዝሓሸ ምስክር የልቦን። ካልኣ ይትረፍ፡ ኣክሱም ነተን ዝቐረባ ጐረባብታ ዝነበራ ዓድዋን ዓጋመን እኳ ከምዘይገዝኣተን ተመስኪሩ ኣሎ።

ኣክሱም ናይ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ናይ ንግድን ሸቐጥን ቁና መዳበዪ ኮይና ብመሬትን ባሕርን ኣትንግዴ ውርይቲ ከተማ ስለ ዝነበረት፡ ኣብቲ መ ጻመርያ ጊዜ ስማ ዝገነነ በዚ ምክንያት'ዚ ጥራይ ክኽውን ይኽእል። ምስ ስልጡናት ሃገራት ናይ ንግዱ ርክብ ስለ ዝነበራ ብንዉሒ ጊዜ ካብኡም ዝርከበት ፓለቲካዉን ማሕበራውን ትምህርቲ፡ ኣብ ክብ ዝበለ ወተሃዳራዊ ሓይሊ ከ ብጽሓ ክኣለ፡ በዚ ድማ ሓያልን ዓባይን መንግስቲ ክነት። ቅድም ግን ክ

[3] ተክለ ጻድቕ መኩሪያ - የኢትዮጵያ ታሪክ - ኑብያ-ኣክሱም-ዛጉዬ - ፪ኛ መጽሐ ፍ ገጽ 225 -229

ም መንግስቲ መጠን ዓቢይ ግምት ዘይነበሮ፡ ኦልማና ኣብታ ንኣሽንይ ኣውራዊ ኣክሱምን ዓሌት ሓበሻትን ጥራይ ዝተወሰነ ናይ ንኣሽንይ ዓሌት ምምሕዳር ዝነበራ ይመስል።

ሳባውያን፡ ናይታ ዘይቅርዋ ጥንታዊት ሃገሮም የመን ታሪክ፡ ንውሱኽ ወሰኹ ተዘኪሩ ክነብር ብምሕሳብ፡ ኣብታ ሓዲስ ናይ ስጓት ሃገሮም ሄቲ ኣብ የመንን ሕዊዝን ናይ ዝርክብ ኣውራኽታትን ሩባታትን ክተ ማታትን ስም ሰመዩ። ንኣብነት፡ ሳባ (ኣብ ጥቓ መርገብሰ ትርክብ)፡ ዓድ ኣዋ (ዓድዋ)፡ የሓ፡ መሪብ፡ ኣሕሰኣ፡ ብኾ፡ ማራ፡ ምራራ፡ ሰንዓ ፊ፡ ሰሓርቲ፡ ባሪክናሃ፡ መጠራ፡ ዓሪብ ታሪካ (እምባ ታሪካ)፡ ሶርፃ (እምባ ሶይራ)፡ ኣግዓዚ፡ ሓበሻት ዝብል ኢዩ። ንብዙሕ ዘመናት ምስ መንግስ ቲ የመን ጽቡቕ ርክብ ዂሕሪ ምዝዉታር፡ መንግስቲ የመን ነቓምጠ ገና ኣብ ሃገሮም ተሪፎም ዝነበሩ ሓበሻት ጸጬ ቕሩኖም እሰ ዝሓዝዎም፡ ክሊ ጽኡዎም ናብ ኣክሱማውያን ኣሕዋቶም ሰኣኹ። መንግስቲ ኣክሱም ጽማ ወተሃዳር ሰደዱ፡ ንየመን ወረኹ ሓዘ፡ ንብዙሕ ዘመናት'ውን ናይ ኣክሱም ግዝኣት ክፍና ጸንሐት። ጹሓር ግን ምኽንያቱን ጊዜኡን ን ብ ዘይቓሰጥ እዋን ካብ ኣክሱም ናጻ ወጽኣት።

ብ 332 ቅ.ል.ክ. ኣቢሉ፡ ዓቢይ ኣስክንድር ናይ ማቐዶንያ ንጉስ፡ ግዝ ኣቱ ክሳብ መሬት ህንጅን ማእከሳይ ምስራችን ኣስፊሑ ኣብ ሰዋት ዕ ጽሜኡ (25 ዓመት) ኣብ ግብጺ፡ ክተማ ኣስክንድርያ ሞተ። ጽሕሪ ሞቱ እቲ ሰፊሕ ግዝኣቱ ኣብ መንጎ ኣርባዕተ መራሕቲ ሰራዊቱ (ዒነራ ሳቱ) ተመቕሰ። ግብጺ ንበጥሊሞስ ሶተር ኣተባህሉ መራሒ ጦር በ ጽሐች። ተኽታቲሉም ኣብ ግብጺ ዝነገሱ ክልተ ቀዳሞት በጥሊሞስ ሶተርን በጥሊሞስ ፊላዴልፍን ዓሌቓም ግሪክ ኢዮም። ንሳቓም፡ ብ መገን ዓቡብ ግብጺ ንዝርክብ መሬት ገማግም ባሕሪ ሒዞም፡ ሚእክ ኢርሞስ፡ ሌዉቕሶልመን፡ ፊሎቴራ፡ ኔክስያ፡ በራንፔ ኧናበሉ ብቕን ቋኡም ዝሰየሙወን ካተማታት መስረቱ። በዚ ምኽንያት'ዚ ካኻ ግብ ጺ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዝነበራ ናይ ንግድን ሸቐጥን ሥራሕ ብዝበሰጸ ኣስፍሐች። ነቲ ካብ ብዙሕ ዘመናት ቕሚሩ ምስ ኣክሱም ክካየድ ዝጸንሐ ናይ ንግዱ ርክብ ብዘይ ኸ

ም ከለፍሱ ፡ ኣብ ምለራቓዊ መሬት ኤርትራ ወጻባት ሰዋኪንን ዓቕኽን ካፍኦት ንኣሽቱ መርሶታትን ሃነኡ ፡ኣብ ወጻብ ኣዱሊስ ክሳብ ኣኽሱም ዝበጽሕ መንገዲታት ጸረጉ ፡ብዝሓሰፋዎ ሃገር ዱማ ኣሰሮም ገዲፉ ፡ከምዚ ኢሱም ካኣ ምስ ኣኽሱም ብመሬትን ብባሕርን ክራኸቡ ከኣሉ ። መራኽብ ኣዱሊስ ፡ ሰፋሕትን ቅልጡፋትን ንኽትርኣየን'ዉን ጽቡቓት ነበራ ይበሃል ። ስሰዚ ዱማ ብኣድናቆት ይዉረፈክነ ነበረ ። ካብ'ቲ ብዙሕ ዓርኖታት ገሰ ቁሩብ ክሳብ ሕጂ ዝዝነር ኣሉ ። ንምሳሌ ኣነ ስቲ ክጥሕና ኣነነከሉዋ ክቕሰጥፋ ኣንተዲሰኝ "መን ኣዃገረኒ ኑዱሳይ" ወይ "መነዩ ገዓይ ገመርነብ ኣዱሊስ ዝቑድም"-ኣናበሳ ይዉርፋ ። ከም ኡ ዱማ ገጽብቕቲ ገፅ ብኣድናቆት ክዉረፈሳ "ሰዱራ ክቢር ገዱሪ መርከ ብ ኣዱፅስ"-ንፍሰባ ክም መርነብ ኣዱሊስ ዝስፍሓቱ ይብሉ ።

ናይ ግብጺ ገዛእቲ ወይ ሰጎሊሞስ ፡ንመንግስቲ ኣኽሱም ጠቓሚ ናይ ስልጣነ መንገድታት ነቢቱሳ ። ኣብ ኣኽሱም ኣብዓተ-ንምህርቲ ሰርሑ ፡መተሳፊራት ኣነፅጠኑ ፡ነቲ ክሳብ ሽዐ መዳመጺ ምፅኽት ዘየነበሮ ፈዓሳት ማዕዝ ብሓ ገዞም ካዕብ ሳፅስ ራብዕ .... ኣናተባህሰ መዳመጺ ምፅኽታት ተገብረሉ ይበሃል ። ኣብ'ቲ ኣብ ኣኽሱም ተቐቢሩ ዝጸንሐ ፡ኣቀሻት ናይ ነገስታት ኣኽሱም ዝተዳሕሮ ሓውፅትታት ብግዕዝ ግሪኽን ጉድኒ ንጉድኒ ተዳሒፉ ይርከብ ። ነገም ኡ ኣወን ክፅቲኡ ቕንቕታት ኣብ ቤተ-መንግስቲ ይዝረብ ነገም ዝነበረ ሊቃውንቲ መርመርቲ ጥንታዊ ታሪኻት (ኣርነዮስ፡ዲእን) ሓበሬታ ሊቦም ኡሰዉ ። ነስሞስ ኣወን ኣኽሱም ምስ በጽሐ ፡ባዕሉ ዘስተዉዓሎ ፡ክፅቲኡ ቕንቕታት ኣብ ቤተ-መንግስቲ ይዝረቡ ነገም ዝነበር ኣብ ጽሑፉ መስኪሩም ኣሰ ። እቲ ሓፃፊ ኤዛና ንጉስ ኣኽሱም ፡ንነፃር ጸሳእቱ ንዝርኽቦ ዓወታት ኣብ ሓውፅቲ ኣብ ዝጸሓፎ ኣዋጂኡ "ኤዛና ብእሰ ሔሰን ፡ንጉስ ኣነኩሱም ወሳባ ወሬይዳን ....." በሰ ዝብል ምስ ዓቢት ግሪኽ ዝምድና ዝነበሮ ይመስፅ ። እዚ ነበሃሰ እነነከሉ ግን እቶም ግሪ ኽዉያን ነገስታት ግብጺ ኣብ ኣኽሱም ስፅጣን ሊዘም ነይሮም ማለት ኣይኮነን ። ኣኽሱም ነዳ ነገምዝነበረት እምበር ፡ብኽፅእ መንግስቲ ተገዚኣ ዝብል ዛንታ የፅቦን ፡ብጥሊሞስ ግብጺ ዝግድስ ዝነበረ ምስ ኣኽሱም ጠቓምን ነባርን ናይ ገግድ ስራሕ ምምዕባል ጥራይ ኢዩ ። እዚ ነነኣ ኣብ ናይ ሓባር ጠጭሚ ዝተመርነሰ መንግስቲ ኣኽሱም ዝሕጉሰሉ ብ ምኺኑ ሓገዝ ነገወፌ ግድን ኣድሳዩ ነይሩ ማለት ኢዩ ።

ሓበሻትን ኣግዓዝያንን ዓሴት ዩቕጣን ብምኺኖም ሓዲ ህዝቢ ኣ ኻ እንተኾነ ፡ነፍሲ ወከፎም ናይ ባዕሉ ባህልን ፅምድን ነበሮ ። ኣብ'ቲ ብነስማሞስ ተጠቒሱ ዘሎ ኣዋጂ ንጉስ ኣኽሱም ፡ተመልኪቱ ነገምዝርከ ብ ፡እዘም ክልተ ዓሌታት እዚኣቶም ፡ንኢትዮጵያ ምስ ኣተዉ በብወገኖ ም ርኽቡ ዝኽነስ ምምሕዳር ፈጢሮም ውሽጣዊ ናጽነቶም ሓሰዮ ም ይነብሩ ነበሩ ። ዓሌታዊ ናጽነት ምሕሳው ናይ ሴማዉያን ጽንዕ ባህ ሰን ፅማጽን ኢዩ ። ሴማዊ ህዝቢ ኣብ ዉኽጣዊ ጉዳዩ ማንም ሓይሲ ክ ኣትዎ ኣደፈተን ፡ኣስራኤሳዉያንን ኣዕራብን ናይ'ዚ ምሳሌ ኢዮም ።

ኣዱሊስ ፡ኣንተወሓዱ ሓዱ ኽሕ ዓመት ቅድሚ ኣተስር ሐት ምኺና ይዝነቱ ። ፈርዓን ፡ናይ ግብጺ ነገስታት ፡ንኣህጣብ ባርዓ ገይሮ ም ኣና ኣገዳዱ ክተማታትን ቤተ-መቕዱሳትን ሓውፅትታትን የስርሕዎ ም ነበሩ ። ናይ ባርነት ኣርዑት ዝመሪሮም ፡መንገዲ ክረኽቡ ኣንነከሉው ሃዲሞም ናብ ርሑቕ ሃገራት ይስዱዱ ነበሩ ። ሓዱ ክፍሲ ናይ'ቶም ንኩ ማታት መንፈስን ቴቤን ናይ ግብጺ ክሰርሑ ኣተመዱቡ ባራቡ ፡ብስተር ሃዲሞም ኣብ ኣዱሊስ ብጽሑ ። ብኢዱ ጥበብ ስፅቡናት ስሰ ዝነበሩ ዱማ ካብ ጸሳኢ መነኮናሲ ዝኾኖም ናይ ኣምኒ ገዛውትን ካፍኣ ቕር ጽታትን ሰነሉም ኣብን ሰነፈሩ ፡ወዳብ ኣዉን ገበርዋ ። ኣቀማምጣ ኣ ኣብ ግርም ዝኾነ ወሰን ባሕሪ ክሰ ዝኾነት ክኣ ዓሰም-ሰኾ መራኽቢት ንግድ ወዳብ ኮነት ። ኣዕራብ ፡ባቢሱ ናዉዳን ፡ፋርስ ፡ግብጻዉያን ፡ኣኽሱም ፡መሪዋ ፡ናፓታዉያን ፡ህንዲ ብእኣ ኣቢሱም ኣናተመሳሳሰፉ ንግዱም ክከፍሱ ክኣሉ ።[4]

ኤውሮጳዉያን ጸሓፍቲ ታሪኽ ፡ካብ ጥንታዉያን መጻሕፍቲ ዝርኽብዎ ዛ ንታታት ጠቕሶም ዘዳሰውዎ ጽሑፋት ክምዘመልክፃ ፡ሓበሻት ፡ዕሕሪ ብዙሕ ዘመናት ፡ኣብ ኣኽሱም ብርቱዕ ወተሳዱራዊ ሓይሲ ፈጠሩ ፡ንግዓዝያን ዱማ ሳገራዊ ባህልን ስነጽሑፍን ኣሰልጠኑ ። ናይ ሓበሻት ወተሳዱራዊ ጁግንነትን ናይ ኣግዓዝያን ኣእምሮን ስልጡን ባህልን ፡ክፅቲኡ ኣሕቢሮም ክሰ ዝስርሑ ኣኽሱም ሓንቲ ዝበርትዐት ሓፃፊ ኣፍሪቃዊት ሳገር ክነት ። ብገዚ ኤዛና ክ ኣ ነቱን ኣብ መንጎ ኣኽሱምን ግብጽን ዝነበራ ሳገራት ቢብሓዱ ኣሸንፉ ክ ሳብ መሪዊ ንዘሎ ሰፊሕ መሬት ሒዛ ገዝኣት ። ዘይትድፈር ሓፃፊን ስፋሕ ን መንግስቲ ክነት ። ነዚ ስፊሕ መሬት'ዚ ክንዴይ ዘመን ክምዝገዝእንት መኣስ ክምዝሰቕቕት ዝሕብር ጽሑፍ ታሪኽ ክረክብ ኣይክእስኑን ።

ሳባዉያን ንኢትዮጵያ ክኣት ው ኣነነከሉው ኣምነፃም ኣገታይ ክምዝ ነበረ ብርግጽ ኣይፍሰጥን ። ካብ ኣስማት ኣማልኽቶም ክንግሶት ኣንተኙ ገና ግን ፡ኣረማዉያን ዝነበሩ ይመስፅ ። ኣማልኽቶም ፡ኣስቴር ፡ፀሓይ ፡ምድር ይበሳሉ ነበሩ ። ተክሰ ጻድቅ መኩሪያ ክምዝብሰ ኣንተኙኽዮኑ ፡መኽመርያ ቕንቋ ናይ ሓባኻት ግዕዝ ኣይነበረን ። ቕንቋ ግዕዝን ፊዴሳቱን

---

[4] ተክሰ ጻድቅ መኩሪያ - የኢትዮጵያ ታሪክ - ኑብያ - ኣክሱም - ዛጉዬ - ፲ መጽሐፍ - ገጽ 224

ዝሰመድዎ ካብ ኣሕዋቶም ኣግዓዝያን እዩ።

ላዚማናት ክርስትና፡ኣብ ኢትዮጵያ ብጽጋት ሶርያዊ ቆሮስዮስ (ፎርሚናጦስ) ብ333 ዓ.ም. ኢዩ ዝኣተወ።ናይ ግሪኽን ሮማን ጸሓፍቲ ታሪኽ ከምኡውን ኢትዮጵያዊ ባህሊ ከምዝምስክርዎ፡ቆሮስዮስ ኣ ብ ኢትዮጵያ ላዚማናት ክርስትና ሰቢኹ ምስ መስረተ፡ንፓትሪያርኽ ቅዱስ ኣትናስዮስ ክበጽሕ ንኣስክንድርያ ነገዓ።ብዛዕባ ኵነታት ላዚማ ናት ክርስትና ኣብ ኢትዮጵያ ከኣ ገለጸኡ፡ንሱ ድማ ናይ ኢትዮጵያ ቤተ-ክርስቲያን መራሒ ክኸውን ሸይሙ፡መሐኣኽቱ ክቕጽል መሰሎ።[5] ነገለታት ኣኽሱም፡ላዚማናት ክርስትና ምስተቐበሉ፡ኣቲ ክሳብቲ ኣ ቑንቲ ዘዘዉትርዎ ዝነበሩ ናይ ኣረማዉያን ምልክታት ገጺኖም ኣ ብ ገንዘቦምን ማሕተሞምን መስቀል ነዘውትሩ ጂመሩ፡እዚ ድማ ምስ'ቶም ብክርስትና ዝኣምኑ ናይ ማእከላይ ምስራቕን ምዕራባዉያ ን ሃገራት መራኽብን መፋቕርን ኮኖም።

[5] ROLAND OLIVER - THE DAWN OF AFRICAN HISTORY - SECOND EDITION P.25

ካልኣይ ክፍሊ

ወራሪ ብጃ

ኣኽሱም ካብ ኑብያ ስሒባ ኣብ ናይ ጥንቲ ጹባ ምከተመስለጎት፡እና ጸኽመት ነዓት።ኣብ መጨረሽታኡ ድማ ብጂ ዝበሃሉ ሕዉስዋስ ሓሴታት ኑብያ ጽሕሬ ን50 ዓ.ም. መራሮም ሓዝዎ።[6] ንሳቶም ርሕራሔ ዘይብሉም ኣብ መንነ ገረቤት ህዝቢ ፎርሃትን ሽበራን ዝፈጥሩ፡ነብ ብዙሓት ሓሴታት ዝ ተጠራቕሙ፡ብምዕራባዉያን ድማ ብስም ብሓምሚ ዝፍሰጡ ህዝቢ ነበ ሩ።ንመንግስቲ ኣኽሱም ምስኣዉዱቑ፡ብዙሕ ከይጸንሑ ንጹቡብ ገጾም መራሮም ቀጸሉ፡እብዚ ኣ•ሚ ብስም በጌምድር ዝጽዋዕ ዘሎ መሬት ግዝ ኣት ጐንዳር ነከኣ ሰፈሩ።ነታ ዛገር በቲ ጥንታዊ ስምም በገምድር (መሬት ብጂ ማለት እዩ) ሰየሙዋ።ፈለማ፡ብሕርቮ ዘይግዱሉ መፍረይቲ ነብቲ ዝ ነበሩ ይመስል፡ንጹቡብ ገጾም ዘመቻ ምጭዳሰሎም ድማ መሬት ኣኽሱም ጸቢብን ንምዕራይ ነብቲ ዘይምኾኸን ስለ ዝኾኖም ንማሳዉትም ዝኣነፉ ሳዕሪ ንምርካብ ዝገበርዎ ጉዕዞ ነኽዉን ይኽእል።

ካብ ኑብያ ነብመጹ ኣንነሰሎው ኣንታይ ኣምነት ነበሮም ዝነሰበሮም ታሪኽ ኣይገልጸን፡ጽሕሬኡ ግን ላዚማናት ክርስትና ተቐበሉ።ብሓገዝ ነባህሩት ክርስቲያናዊ ናይ ሓብሽት ባህሊ ሰሚዱም ሰዓብዎ፡ሓበሻ ዝብል ዓሴታዊ ሽም ኣውጹ ነከምናቶም ተቐቢሎም ኣመኑሉ።ኣምሓራ ዝብል ስም ጥ ንቲ ንበጌምድርን ኣብ ዙርያ ጐንዳር ንዝነብር ህዝብን ይምል ነበ በር።ስለ'ዚ ቕንቋ ኣምሓርኛ ብኣኽም፡በዘም ብጂ ዝተጀመረ ይመስል ኣቲ ኣብ ቕንቋ ኣምሓርኛ ዝርነብ ምስ ግዕዝ ዝምድና ዘይብሉ ሃማ ሞ ቃላት ኣውጹ ናይ'ዚ ምኽንያት ክኽዉን ይኽእል።ኣብ መንነ'ቶን ብዙሓት ዓሴታት ብጂ፡ሮም፡ሕዓረብ፡ዘናፍቕ፡ዓርበግዓ፡መናሳ፡

[6] CONTI ROSSINI - LA STORIA D'ETIOPIA - PARTE PRIMA - P.249-252

ይንጂ፡ሓፈራ ዝበሳሳ ይርከባ። ሱ-ሚ ኣብ ኤርትራ ብዘይካ ክፍተ ዓሌት ብኻ ማለት ሕጻረብን ሓፈራን ኧተን ካፊኦት ጸኒተን ለመን ጥራይ ተሬፊ ኣሎ።

ካብ ዓሌታት ብኻ ኧቶም ዝበርትዑ፡ ሮም ነበሩ ይበሃል። ቀዳሞት ጸሓፍቲ ታሪኽ ብዛዕባኦም ክፍተ ዓይነት ርኣይቶ ይህቡ። ጸዓዱ ዓሌት ግሪክ ኢዮም ዝብሉ ኣለው፡ ንደቶኡን ብኺውዓን ኢዮም ዝብሉ ኧውን ኣለው። ነዚ ተዓይ ሓሳባት'ዚ ዘኽተለ ምኽንያት ጽማ፡ ንሳቶም ካብተን ካፊኦት ዓሌታት ዝተፈልየ መፈክዕን ኣቀራርባ ሰውነትን ዝሓሸ ለልጣኔን ስለ ዝነበሮም ኢዮ። ኣብ ጽግም ክፊኤ መንሳዕ ኧውን መሰኽያም ቀዳሕቲ፡ ሰዉነቶም ገኺፍቲ፡ ብዙሕ ዝለልጠኑ ነገሮዝነበሩ ይዝንቶ።[7] ዝወሳቦ ግምቶ ንወዲ-ሰብ ክወሳብ ካብ ዝከኣል ባህርያዊ ግምት ንሳዕሲ ኢዩ። ብሓጺሩ ናይ ዘሎናዮ ዘመን ወዲ-ሰብ ክኣምኖ ዘይክእል ኢዩ፡ ንሱ ኸኣ ነገሮ ዝእዕብ ይብል። ሓዱ ዘይዓለኡ ሮም ምስ ሓዱ ካብኣቶም ተባኢሱ ኸልኧ ሮም ኣጽሕነኒ ኢሱ ሰመና። ንሱ ኸኣ ኣብ ጭባኡ ኣኧተዎ። እቲ ሓያል ንኽቆትሎ ሳበኒ ክብሉ እቲ ሓዱ ኸኣ ንኽኸልኣ ተቃለሱ፡ ጻኒሐም ነኣ ሽዑኽሽዑ ተዓረቕሞ በሉ ንዓ ዉዳኣ ሕጭስ ዱሓን ነዩኑ ኢዩ ኢሱ ካብ ጭባኡ እንተወድኡ፡ ክቃለሱ እንክሎዉ ተጨፍሊቑስ ሞይቱ ረኽቦ። ብበትሪ ወይ ብእምኒ ነዚይተሳረምካ ዝሞትካ ቅቡጽ ኩን ወዲ ኣዳም ኢሱ ዴርበዮ ይበሳል። ካፊእ ሮም ነኣ ሓርማዝ ተጓኒቶ፡ ዓምጺጽ ወሳ ጣ'ሞ ናብ ቃሳይ ነዚይዱ ነቲ ማይ ኩሉ ጽንፎፎ ኣቢሉ ሰንቶዩ ኮፎ ምስ በአ ጐለዐ። ዱሓር "እታ ኣንበጣ ኣጉስዓትኒ፡ ሽዓኽ ጽማ ኣርወየትኒ" በለ ይበሃል። ካፊእ ነዚ ዝኣመሰለ ዛንታታት'ውን ኣሎ።

ሮም ምስ ብኺ መጺኡም ኣብ ኤርትራ ዝተረፋ ሓዳሳት ዓሌት ኧዮም። ኣብ ነበሳን ንዉራዓ ነበረገን ሳሕልን ባርነን ፖሽ-ስቲትን ክሳብ ወልቃይት ጸገዳ ኣብ ዘሎ መሬት ለፈሩ። መዊመርያ መርባሕቲ ነብቲ ነበሩ፡ ዱሓር ግን ሕርኻ ነዚይተርፉ ኣማዕበሉ። ነቶም ንኡሳት ፎጥሊት-ዱቂ ዓዲ ኧውን ብሕርኻ ኣነፋጠኑዎም። ኣብ ማይ ዘይብሉ ዴሳታት ክሞሳቱ። ዘይተዓሕፉ ስለ ዝኾነ ኧናተርስዐ ነገዩ ኧምበር፡ ዝገጠሙዎ ናይ ትግሪ ሕሳይ ክሳብ ቀሩብ ዘመን ዓብይቲ ዓዲ ይዝክርዎ ነበሩ። ስለ'ዚ ኾነ ምናልባት ቕንቕ ትግሪ የዘውትሩ ነይሮም ይኾኑ። ብሓዱ መፁሒ ዝመሳዱሩ ሕቡራት ህዝቢ ነገሞዝነበሩ ብዛዕባኦም በብማ ዜኡ ዝተዓሕፉ ታሪኽ የሊዎኣ። ብዘሕ ናይ ወርቂ ሳብቲ ነበሮም ይበ

[7] ካርል ጉስታብ ሩዱን - ክፊኤ መንሳዕ - ጽግም ወፎኑሕ ወሳዱታት - ገጽ 3

ሳፎ። ብርቱዓት ህዝቢ ስለ ዝነበሩ ናይ መሬሒኣም ትኣዛዝ ምቕባፎ ኧናነበ ዩ ኣሸገሩዎ። ኣብ መጨረሽታ ዝገብሮ ምስ ሰኣነ እቲ ኩመኛኣም "ብምር ቕዱ ክጥፍኣኹም ብመርገም" ኢሱ ሓተቶም። ብምርቓ ምስ በሓዎዱ ማ-እምበኣር ኣንስትዮም ኣወዳት፡ ነብኑትዮም ኣንስትዮ ጥራይ ይውሰዳ-ኢሱ መረቕም። ነገሮኡ ኾነ ኮነ እሞ እቶም ሰብኡት ዝምርዓው ወን ኣንስቲ ስኢናም፡ እተን ነብቶም ጽማ ኣርሓ ስኢነን ለመ ዘይፈረዩ ዩ፡ ጸነቱ። እቶም ክሳብ መጨረሽታ ዝጸንሑ ዝቀብሮም ነበይሕኣ፡ መቓብሮም ባዕሉም ኩዒቶም፡ ብርቱዕ ሕማም ክሕዞም ኧነነሱ፡ መ ርቱም ሓቑፎም ኣብኡ ይኣትዉ ነበሩ። ሳዱ ካብኣም፡ ብዙሕ ወርቂ ዝነበሮ፡ ኣብ ምጽብ ዝተባህለ መሬት መንሳዕ፡ ኣብ ሓዲ ዱኑዕ በዓቲ ሓቢኡዎ ካብቲ ቦታ ንዓዘ። ጸኒሑ ክመለሰ ለለ ዘይነኣለ ጭማ ክምዚ ዝለዕ ብ ገጠመ፡-

ኣሳ ኣነብባት ተርፋ ኧት ኣፎ ምጽብ፣
ኧት ኧዓ ማንነ ሓንሳ ልቅብ፣
ቶር ወቶርሞሮ ወሰማን ቅትብ።

ሮም ብቕንቕ ትግሪ፡ ብዙሕ ግጭምታት ዝገጠሙ ምኺናም፡ ኣናሮ ሊ ንማን ኣብ መጽሓፉ ኧመልኪቱዎ ኣሎ።[8]

ኣብ ሻዱሻይ ክፍለ ዘመን ዱሕሪ ልዱት ክርስቶስ፡ ኣብ የመን ነገሱ ዝነበረ ይሁዳዊ ንጉስ፡ ነቶም ክርስትያን የመን ለለ ዝፍጨሙናም፡ ሓገዝ ኣኽሱም ሓተቱ። ብ 525 ዓ.ም ኣኽሱማዊ ንጉስ ካሌብ ለራዊቱ መሪሑ ንየመን ሰገረ፡ ዱሕሪ ብርቱዕ ውግኣ ጽማ ነቲ ይሁዳዊ ማስሩት ንጉስ ዩ ሕምዓር ከዲሩ ኣሰሮ። እንተኾነ ምሕረት ጠዪቑ፡ ንመገግስቲ ኣኽሱም ግብሪ ክኸፍልን ንክርስትዩን የመን ንክይንሙ ኧምን ቃል ለለ ዝኣተው፡ ንጉስ ካሌብ መሓሮ። ኣብ ዙፋኑ መሲሉ ጽማ ንዕኡ ዝነገሰ ለለስተ ሚኣቲ ወተሳዱሉት ንዲቃ ንኣኽሱም ተመልሰ። ዱሕሪ ገለ ጊዜ፡ ንጉስ የመን፡ ነቶም ለለስተ ሚኣቲ ወተሳዱሉት ብጥልመት ኣቓቲሉ፡ ንክርስቲዩን የመን ብዝበርዐ ጭካኔ ኣሳንሎም። ቤተ-ክርስትያናቶም ኣቃጺሉ፡ ሃይማኖቱ ንዘይነሓዱ ኩሉ ቀተለ። ብሕልፊ ዝተንዱኡ ክርስቲዩን ነጭራን ነበሩ። ነ ልኡ ንጉስ ኣኽሱም፡ ነቶም ክርስቲዩን ክርዱኣ ወተሳዱሉ ኣኽቲቱ ን የመን ዘመተ። የመናውዩን ብዓብይ ቒጣንነት ይቀማኡ ኧምበር እቲ ውግኣ ብዓወት ኣኽሱማውዩን ተረጸመ። ንጉስ የመን ተለፋ ቆሪጹ፡ ምስ ፈረሱ ኣብ ባሕሪ ኤርትራ ጠሲቑ ሞተ። ንጉስ ኣኽሱም ንሓጺ ክርስቲዩን

[8] ENNO LITTMANN - PUBLICATION OF THE PRINCETON EXPEDITION TO ABYSSINIA - P. 86

የመን ኣንጊሉ ፡ብዙሓት ወተሃዲሮት ገዲፉሉ ንኻኽሉም ተመልሰ። እንተ ኾነ ብገለ ምኽንያት እቶም ወተሃዲሮት ነቲ ንጉስ ኣውዲቹም ስለጣንን ሓዙ።

ንጉስ ኣኽሉም ንኣብርሃ ዝተባህሉ ፡ኣንዳራሴ ሽይሙ ፡ንየመንን መሓድር ሰኣኹ። ንሱ በርቲዑ ፡ግዝኣቱ ኣስፍሐ ኣሞ ጽንኡኡሉ ሓይሉ ምስ ኣረጋገጸ ድማ ካብ ኣኽሉም ሸሬቱ ናጽነት የመን ኣወጀ።ንጉስ ኣውን ኣበሰ። ብወተሃዲራዊ ሓይሊ ኣብ ስርዓት ንኽመልሶ ድማ ፡መንግስቲ ኣኽሉም ፡ብኣርኣያ ዝተባህሉ ዝምራሕ ሰራዊት ንየመን ሰኣኹ እንተኾነ ኣርኣያውን ምስ ኣብርሃ ተሰማሚዑ ሽፈተ ፡ምስ መተሃዲሩቱ ከኣ ኣብ የመን ተረፈ። ብፁሕራኡ ኣኽሉም ብናይ የመን ንዓይ ኣይተገዲሉትን።[9]

ነቓም ብይሁዳዊ ንጉስ የመን ኣተቑጥሉ ክርስቲያን ሰማዕታት ነጭራን ንምዝካር ፡ንጉስ ካሌብ ኣብ ሳሕሰ ሓዲገዲም መስረተ። "ሃገረ ንጭራን" ኢሉ ድማ ሰየሞ። ብ1943 ዓ.ም. ንሃገረ ነግራም (ንጭራም) በጺሐ ኣብዙ ዝርክብ ናይ ክርስትና ምልክታትን ፡ናይ ድርኢ ጽሑፋትን ፡ኣቲ ዝርረሰ ቤተ-ክርስትያንን ፡ዓጽን (ክተማ) ተመልኪቶ። ኣብዚ ጊዜኡ ኣብቲ ቦታ ኣቲሰ ፊሮም ዝርከቡ ህዝቢ ብምሉኡም ኣእላማም ኢዮም። ንሳቶም ከምዘዘንተዉከይ "ቅድሚ ግዝኣትና ጣልያን ኣብዚ ሃገርዚ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ተንዓኢ ኣንስሳ-ቢርካ ኣይነበረን። ካብ ገሰ ዘመናት ቂሚሩ ግን ብብዝሒ ክረኣዩን ፡ሰብን ማሳዉትን'ውን ክጉድኡ ይርከቡ" ይብሉ። ዘረባኡም ብምቅጻል "ቀዳም ጽኑዕ ስለ ዝነበረ ኣማማሰ ኣብ ሃገረ ነግራም ክቡይቡ ኣይክእሉን ነበረ ፡ሕጂ ግን ዳይቦም ንብኡ ኣሰው።" እናበሉ ገሰጹሰይ። እቲ ህዝቢ ከምዝኣምኖ ፡ተጋዳኢቲ እንእሳ ነተን ኣማማሰ ስዒቦም እዮም ዝመጹ። ኣንማን ሰብ ነናሱ ፡ንናብርን ንዛብእን ከኣ ማሳዉቲ ቀተሉ ዝብሰ ወረ ይስማዕ።

እቶም ዳቂ ዓዲ ከምዘዘንተውሩይ "ቅድሚ ነሮሕ ጊዜ ፡ሓዱ ሸኽ ነቲ ቤተ-ክርስቲያን ዝነበሮ ቦታ ባሪኑ መለኽዱ ክገብሮ ሓሰበ። ምስ ዓበይቲ ዓዲ ተማኺሩ ድማ ጠለ ሓሪዱ ዳም ከፍኦሰሉ መዱበ። ጠለ ከምጽኡ ሰብ ፈኺኹ ድማ ንሱ ኣቑዲሙ ናብቲ ቦታቲ ነገዱ። ንብኡ ኮፎ ኢሉ "እናጸለየ "እንከሉ ድማ ሓዱ ንጹህ ጻዕዳ ክዳውንቲ ዝሰበሰ ሰብኣይ ብሃንዱበት ኣብ ቅድሚ ኡ ዳው ኢሉ 'ኦዘ ተቑሚጥካዮ ዘሉ ኻ ቦታ ቅዱስ ቦታ ኢዩ ኣሞ ዳም ኣይተፍኣሰሉ ፡ብጸባ ገርካ ባርኮ'ኢ ሉ ብቕጽበት ካብ ቅድሚ ዓይኑ ተሰወረ ።"እቶም ዝሰንኽም ሰባት ጠለ ሒዞም ምስ መጹ ፡ነቲ ዝርእዮን ዝሰምዖን ኣዘንቶዮ ፡ነታ ጠፈ መሲሶም ጸባ ከምጽኡ ኣዘዘ። ነቲ ቦታ ቋማ ብጸባ ባሪኹ። ናይቲ ገዲም ሽም ፡ቀዳም "እንዳ ኢየሱስ" ይበሃል ነበረ። እቲ ሸኽ ከኣ ካብዚ መንፈስ እዚ ከይወጽአ "መስቹዱ ዕሣ" ዝብል ስም ሃቦ ።ጉርጉሙ ድማ "ቤት-ጸሎት ኢየሱስ" ማለት ኢዩ።"

[9] CONTI ROSSINI - STORIA D'ETIOPIA - PARTE PRIMA P. 178 - 184

ትግረ - ትግሪኛ

ቅድሚ ሳባውያን ናብ ኢትዮጵያ ምእታዎም ፡ኤርትራ ቃሉይ ስም ከምዝነበራ ኣይዝከርን። ድሕሪ ኡ ግን ሰለበት ረዚ ስም ሰየጠ ት ፡መቐመርያ ኣማዓዝያን ስለ ዝሰፈሩዋ "ብሔረ ኣግዓዚት" ተባህ ለት። ካብዚ ቀዲሉ ቕንቋ ትግረ ምስ እማዕበለት ፡ብቕንቋኽ መሰረት "ትግረ" ተባህለት። ኣብ መጨረሽታ ጣልያን ምስ ሓዝዋ ምእንቲ ብሓዴ ስም ክትጽዋዕ ኤርትራ ዝብል ስም ሃቡዋ። ሰፊሕ ክፍሊ ናይ ባሕሪ ኤርትራ ዝሓዘት ስለ ዝኾነት ኣዚ ዝተዋህባ ስም እዚ እቲን ዓኣ ዝግባኣ ኢዩ።

ድሕሪ መራር ብዛ ግዝኣት ኣኽሉም ኣብ ክልተ ተመቐለ። ብሔረ ኣግዓዚት ኤርትራ እቲ ጥንታዊ ናድነታ ርኽበት። ሓበሻ ወይ ትግራይ ድማ ናይ በይናም ምምሕዳር ኣቑሞም ሓድነቱም ከየጥፍኡ ሓንሳኣ ብንጉስ ሓንሳኣ ኣውን ብመስፍን ይግዛኡ ነበሩ። እንተኾነ ነቲ ጥንታዊ ፓለቲካውን ወተሃዲራውን ሓይሊ ከሐድስዎ ኣይክኣሉን። ኣብ ዓሕራይ ጊዜ ግን ሃጸይ ዮውሳነ ነቲ ጥንታዊ ናይ ህዝቢ ትግራይ ቕግንነት ኣሰዓዒሉ ታሪኹ ምስ ኣሓዳሰ ብፍንገት እሰ ዝሞተ ዝትክኦ ስኢት ዓራት ሰፈር ሰወጠ። ኤርትራ ፡ምክንያቱ ብዘይፍሉጥ ኩነታት ፡ብሓዴ ክትጥርነፍ ኣይነኣሉን። ስለዚ ኣብ እተፈላለየ ጊዜ ነንበይኑ ዓይነት ምምሕዳራት ኣማዕበሰት። ህዝቢ ኤርትራ ፡ጥንታዊ ማዕዝ ቕንቋኡም ገዲፍም ቕንቋ ትግረ ፈጠሩ ፡ብመስረት እዚ ሓዲስ ቕንቋ እዚ ድማ ንዛገሮም "ትግረ" ሰመዩዎ። ጸኒሖም ነኣ ሓበሻ ፡ማዕዝ ገዲፍም ቕንቋ ትግርኛ ኣውጽኡ። ንዛገሮም ነኣ "ትግሪኛ" ሰመዩዎ። ስለዚ ነኣ ክፈቲኣት ሃገራት ብክልተ "ትግረ - ትግርኛ" ተፈልጣ።

ኣብ ሃገር ትግረ ፡መቐመርያ ሓሙሽተ ዝተፈላለዩ መንግስታት ተመስረታ። ኣልፋ ያዕቆቢ ዝስሙ ዓረባዊ ጸሓፍ ታሪኽ ፡ብ827 ዓ.ም እቢሉ ንኤርትራ በጺሑ ሓሙሽተ ናፃ ዝኾና መንግስታት ኣብኻ ናይ ሎ

ሚ ኤርትራ ሃገርና ከምዝርከበ ጽናመስከረ ፡ ኣለማቱን ከምኡ ዝስዕብ የመልክት :-

ሀ - ታንክሽ

ግዝኣቱ ካብ ኣስዋን ክሳብ ጅር በረካ (ባርካ) ዝበጽሐ ሰፊ ሕ መንግስቲ ኢዩ። ህዝቢ ታንክሽ - ሕዳረብ፡ዘናፃኽ፡ኣርበ ግዲ ዝበሃሉ ሰለስተ ዓበይቲ ዓሌታትን ካልኦት ነኣሽቶ ቀበሌታት ብኻን ነበረ። ማእከዲ ጸሓፎ ታሪኽ ከምዝብሉ፡ እታ ናይ ታንክ ሽ መራሒት ዓሌት ስማ "ራብዓ" ትበሃል ነበረት። መራሒ ንጉ ሥ በሺር ኣብኒ መርዋን ስልጡን ወተሃዳራዊ ሓይሊ ነበሮ። ን ሱ ሰለስተ ኸሕ ፈረስና ወተሃዳር ዓረብን ሰሳሳ ኸሕ ግመለይና ሕ ዳረብን ደኣዝዝ ነበረ። ማዕጽናት ወርቅን፡ጽሩይ-ክቡር ኣምኒን (ኣመራሓጽ) ኣምነ-በረኹን ዝነበሮ ስልጡን መንግስቲ ኢዩ።

ለ - በለ ኽን

ብዙሕ ካተማታት ዘለዎ ሃገር፡ህዝቡ ኣረማውያን ጠንቂሬቲ፡ ጸንሪ ዓይኖም ዝነጽዩ፡ክፍተ ካብ ሳዕለዎት ጹርጌ-ስንኖም ዘፅግሉ ነበሩ። በለኽን ኣብ ሳሕለ ዝነበረ መንግስቲ ኢዩ።

ሐ - ባዘ ን

ምስ መንግስታት ባለኽን መንግስቲ ኣለዋን (ኑባ) ዝዲወብ መንግስቲ ኢዩ።

መ - ፃ ር ን

ካብ ምጽዋዕ (ባጽዕ) ክሳብ ሩባ ባርካ ዝበጽሕ ብሓዲ ሓፃ ለ ንጉስ ዝግዛኣ፡ኣብ ምጽሪ ዜን ናይ ወርቂ ማዕጽን ዘሎ ዎ ስልጡን መንግስቲ ኢዩ።

ሠ - ቅ ጣ ዕ

ኣብ መንጎ ባጽዕን ፋይኩን ዘሎ፡ኣብ ክትኣትዎ ዘኽግር ጽ ኑዕ ሃገር ዝርከብ መንግስቲ ኢዩ።[10]

ፋይኩን ዝበሃለ እምዓጺ፡ሎሚ ኣብ ሃገርና ስለ ዘየለ፡መንግስ ቲ ቅጣዕ ካብ ባጽዕ በየናይ ሽነኽ ከምዝነበረ ንምፍላጥ የሽግር ኢዩ። ኣብ ሰምሃር፡ክእኣ ዘይከሓለ ጽኑዕ ሃገር የልቦን።

[10] ኣለ ፃዕቂቢ - ክታብ ኣልቡለዳን - ቀዳማይ ክፍሊ - ገጽ 218 - 219

ኣዘን ተጠቒሰን ዘሉዋ መንግስታት፡ብ8ገ2 ዓ.ም. ከም ዝነበራ ስለ ዝተመለከተ ሰን፡ብፍሕሪ ወራር ብፂ ብቅሰጡፍ ተመሊተን ነጻነተን ዝመለሰ ክሳብ መዓስ ከምዝጸንሓን ስለምነታይ ከምዝወፈቓን ግን ኣይዝከርን።

በለው ከለው

በለው ከለው፡ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ብዕብየቱ ኣተፊልጠ ውሩይ ህዝቢ እ ዩ። ዓበይቲ ከዘንቱው ኣንከለው ኣተን ዝበፍሓ ዓሌታት ኢትዮጵያ ሰባ፡ኖባ፡በለው-ከለው ኣዋን ይብሉ። ዘመኑ ብርግጽ ኣብ ዘይፃለጥ ጊዜ፡በለው ከለው ካብ ኑብያ ንኤርትራ ኣተው። ኣብ ኤርትራ ቀቅድሚኦም ሓሙሽተ ናጻ መንግስታት ከምዝነበሩ ተሪጋጊጹ ይርከብ። እዘን ኣቓድም ኣቢሉ ኣብዚ መጽሓፍዚ ተጠቒሰን ዝርከባ ቅድሚ በለው ከለው ዝነበሩ ናጻ መንግስታት ብምንታይ ምኽንያት ከምዝጠፍኣ ይፃለጥን። በለው ከለው ወረኦም ስዓሬወን ዝብል ጽሑፍ ይኹን ኣፍዋ ዛንታ የ ለቦን። ከምኡ'ውን ኣብ ኤርትራ ንበለው ከለው ዝቃወሙ ሓይሊ ዝተኣነፍም ኣይመስ ለን።

በለው ኣብ ኤርትራ ተራፍም፡ናብ ኣርባዕተ ናይ መሳፍንቲ ግዝኣት ከፈሉዋ።

ሀ. መስፍናዊ ግዝኣት ባርካ :- ኣውራዪ ባርካን ምስራቕ ሱዳንን (ከስላ) ዝሓዘ ሰፊ ሕ ምሬት፡

ለ. መስፍናዊ ግዝኣት ጸዓድ-ዘጋ (ጸዓድ-ዘጋ ብጉግረ ዓፅዪ ርእሰ-ነገሰማ ማለት ኢዩ) ግዝኣተ ኣውራዪ ሓማሴን፡

ሐ. መስፍናዊ ግዝኣት ሰራየ

መ. ናቒሽ ብዝብሉ እም ዝርሰጥ ኣዕራብ ግን "ሱኩመት ኣሰ ዘርቃ" ኢሎም ዝጽውዕዎ ዝነበሩ መንግስቲ ኣብ መንጎ ሰዋኪንን ምጽዋዕን ቆመ። ከከው ግን ተፈሰዮም ንወሰቃይት-ጸንዓን ሰሜንን ከይጹም ሰፈሩ።

ብዛዕባ መስረተ-ዓሌትን ጥንታዊ ሃገርን በለው፡ጸሓፍቲ ታሪኽ ነንበይኑ ዝኾነ ርእይቶታት እለ ዝህቡ፡ኣየናዩ ሓቂ ምኻኑ ንምፍላጥ ቀሊል ኣይኮነን። ካብ ዓሙ ብዓረብ ኣውራዪ "ሽሕር" መጺኡም ምስ'ቲ ኣብ ኣንባይን ከንካትን (ሱዓን) ሰፊሩ ዝነበረ ህዝቢ በኻ ተቓሚጠም ብመዉስቦ ሽዉን ምስኡ ተሓወሱ ዝብሉ ኣለው።[11] ካብ ሓዱራሙት ዝመጹ ኢዮም። ስሞም ጽማ ሕዳርብ ኣምበር በለው ኣይከነን። ናይ በለው ስም ዝተዋህቦም፡በልዋይት ዝበሃለ ፍሱይ ቋንቋ ይዛረቡ

[11] STUDIES IN THE LATER HISTORY OF NUBIA - LIVERPOOL ANNALS - VOL. XXIV - PP. 74

ስለ ዝነበሩ ኢዮ ፡ ዝብሉ ኧወን ኣለው ። ጸሓፍ ታሪኽ ዓመራር ፡ ካብ ዱቡብ የመን ነቒሉም ገሱዲን ዝኣተው ቀዲሞት ዓሌት ዓረብ ምኻናም ይገልጽ ፡ ከርዋን ዝተባህለ ግን ፡ በለው ካብ ብለሚ ዝመጸ እም ኢዩ ፡ ናይ ሓቂ እሞ ም ኣይኮነን ይብል ።[12] ኤ.ፓለ ገናይ ክርዋን ርኧይዎ ይነጽጎ ። ገሱ ዝሀቦ ምኽገያት ጽማ ፡ ብለሚ ካብ ጥገቲ ኣብ ግዝኣት ኩሽ ዝነበሩ ሳማዊ ህዝ ቢ ክኽኑ ኣነነለው ፡ በለዉ ግን ብኻጽኻይ ክፃለ ዘመን ፍ.ለ.ክርለቅስ ካብ ዱቡብ ዓረብ ዝመጹ ዓሌት ሕምያር ኢዮም ፡ ዝብል ኢዩ ።

ጸሓፃ ታሪኽ ኣጽሪሉ ፡ በለው ምለቱም ሮም ዝበሃሉ ብቒውዓን ፡ ዲኤ ታዊ ርክብ ኣለዎም ይብል ። ኤ.ፓለ ግን ነዚ ሓሳብ'ዚ መለሪች ክም ዘይብ ሉ ገይሩ ይቆጽሮ ። ካብ ኩሉም ዓረባዉያን ጸሓፍቲ ታሪኽ ፡ ኣረጋጊጹ በለው ሕዓረብ ኣይኮኑን ፡ በይናም ዓሌት ኢዮም ዝብል ኧጽሪሉ ኢዩ ። ገሱ ክዝ ገቱ ኧነነለሉ ፡ ኣብ ዙርያ ኣለዋን ዝርክብ ዓጽታት በብጊዜኡ ዝወረ ፡ በለ ው ዝበሃሉ ፈርለይና ክርለቲዓን ህዝቢ ኣለው ፡ ገሳቱም ኣብ መንን ሓበ ሻን በጻን ኣብ ዝርነብ ሰፊሕ ምጽር-በዳ ዝዘዋወሩ ፡ ቆሉጥ ቁዋዕዚ ዓ ጽታት ዘይብሉም ክሳብ ኑብያ ኧወን ዝበጽሑ ኢዮም ይብል ። መዝ ገቒር ፡ በለው ብ1500 ዓ.ም. ኣቢሉ ካብ ሰሜን (ሱዳን) ክምዝመጹ ገይሩ የዘነቱ ። ባህሊ ሃገር ዝፈለጡ ዓበይቲ ኤርትራዉያን ክምዝብልዎ ግን ፡ በለው ብዙሕ ዓመታት ቅጽሚ 1500 ዓ.ም ቒሚ ሮም ገኤርትራ ይገዝኧዋ ነይሮም ። በዚ ተጠቒሱ ዘሎ ዓ.ም ኣቢት ግን በለው ገኤርትራ ንብዙሕ ዓመታት ጽሕሪ ምግዛኧ ኣብ ምጽኻሞም በጺሑም ነይሮም ክበሃል ይከኣል ። ንምሳሌ ዓምር ቅኑዕ ዝበሃል መለጵን በለው ባርካ ብ 1600 ዓ.ም. ኣቢሉ ብ ናብታብ ዝበሃል ዓሌት ጀዓሌን (ሱዳን) ምስ ተ ሳዕረ ንምጽዋዕ ክደዱ ኣብ ተርኪ ክም ዘተዓቐበ ክሳብ ሩሚ ዝዝክር ዘንታ ሃገር ኢዩ ። እሰዚ ናይ መዝገቒር ሓሳብ መለሪች ዘይብሉ ኢዩ ።

ኮንቲ ሮሲኒ ክገልጽ ኧነነለሉ ፡ በለው ዝብል ስም ዝኣረገ ረዜኡ ዝሓለፈ ክኽውን ይኽኧል ። በለው ገኽፋኧን ገጽቡን ገኹሉ ኧተገለግል ኢያ ። ሰብ ኧነተሞተ ፡ ዓዲ ኧነተነዳዳ ፡ ነብዙ ኧነተጠፍኣ ፡ ሃብታም ኧነተዳኸየ ፡ በለው ኮነየ ኧናተባህለ ይብል ። ተሳገር ማለት ኧውን ይኽውን ። ሓዱ ሰብ ሩባ ክሳ ገር ኧነተዳለየ ፡ በለው ኧልካ ተሳገር ይበሃል ። ብዙሓት ክብትን ወርቅን ንዘኖ ረየ ጽማ በለው ኮይኑ ዱ ኣይኮነን ይበሃል ፡ ኧናበለ ታሪኽ በለው ኣንዊሑ ይትንትን ።[13] ቀጺሉ ጽማ ፡ ኣቦኡም ገኽጠርዕ ናብ ገጉስ ክደዱ ፡ ወዲ ካም ርለተዩ መሪሱኒ ኢሉ ምለ ነገሮ ፡ ኧቲ ገጉስ "ታባቱ ኣህያ ፡ በለው" እለ ዝበሉ

[12] A.A.A. VOL. XXIV - PP. 74-75

[13] CONTI ROSSINI - TRADIZIONI DELL'ERITREA TIGRINA P. 158

ካብ ሸው ኢና በለው ተባሂልና ኢሉም የዘንትው ይብል ። ኧቲ ገኮንቲ ሮሲኒ ዘንታ በለው ዘጽሓሮ ዓቢይ ኤርትራዊ ርኧይዎኡ ክገለጽ ኧገለሉ ፡ "በለው ብዙሓ ት ክብትን ኣማማዕን ዘጥርዮ ሃብታማት ህዝቢ ነበሩ ፡ ብጊዜ ኣባት ገባሕሪ ክረምቲ ጽማ ገነበሰ ዝመሓሰሱ ፡ ካብ መካን ገመካን ዝሳገሩ ፡ መተመት (ነባሪ) ዓጽታት ዘይብሉ ም ፡ ዘይሓርሱ ዘይሓፍሱ ፡ ጽባን ስጋን ለሰ ዝነበረ ምግቦም በለው ተባህሉ ይብል ።[14] ንሳቶም ካብ ዓዲ ዓረብ ተሳዒኩም ፡ ብለዋኪን ብሃረንዉዋ ኣቢኩም በብቒሩብ ፍሱኽ ኧናበሉ ገኧርትራ ኣተው" ኧናበለ ይገልጽ ።

ኣፃመተ ኧር ዝለሙ ለብኣይ ኣብ ሳለታ ለብ ቀተለ ኧሞ ካብኡ ሃዲሙ ኣብ ዱረያት ጽዕቡብ መለዎን ለሱየ ካብ ዓሌት በለው ክኽተለ ኣተው ። ካበይ መጺእ ግ ኧንተበሎ ካብ ለሰዋ መጺእ ኢሉ ኣዓሸዎ ። ምለእ ኧናተቒመጠ ኧነነለሉ ን ጌሉ ብዘይ ቃቓዱ ኣኧተቑሞ ኧርገዱለ ተወሰዱ ። ጹዕቡል ፡ ገኣሞተ ኧር ብሞት ቀጽያ ። ኧርገዱላ ንኣጽከመን ምፅረኧን ዝፈረየ ኢዩ ይብል ኮንቲ ሮሲኒ ።[15] ጸረያት ጽዕቡል ንኧርገዱለ ወኪል ገዲቱ ናብ ንጉስ ክዱ ፡ ኣብኡ ብዙሕ ተቒሚ ጡ ሞተ ይብሉ ። ገሊኡም ድማ ኣይፋሉን ኣብ ዓስ ሓውዒ ኣንዮ ኢዩ ዝሞ ተ ኧናበሉ ይትርጉ ።

ዝኽነ ኮይኑ ፡ ጽቡቕ መጽንሕ ኣጽንሓለይ ፡ ሜስ ክም ባሕሪ ኧንሬ ክም ቆጽሊ ለጋ ክም ሓምሊ ኮይኑ ይጽንሓኒ ኢሉ ንኧርገዱለ ኣዘዙ ። ገሱድማ ኣብ ገመገም ጸጽፈ ሓዱ ፡ ክፍተ ዝኣፋ ዓቢይ ዓስ ለሪሑ ኣብ'ቲ ሜስን ለዋን መርዝን መቀጻልን ሓዊሱ ተዓፈዩ ጸንሖ ። ካብ ዓቂ ኣ ፎሮታይ ብዘይክ ሓዱ ዕውር ኩሉም ኧቱም ኣብ ዓጽን ኣብ ዘመቻን ዝ ነበሩ ናብ ዓስ ኣቱዮም መለተ ኧናለተዩ ምስ ለኽሩን ተቒርጹን ብኡመ ጽ ኧናቒጥቀጠ ብገዱፍ ኣጽጺፋ መጽኡም ይበሃል ። ንምንታይ ኧንተተባ ህሉ ፡ ገጓለይ ብዘይቃቓዱይ ኣለኧተዩዋ ኢሉ ዱረያት ጽዕቡል ነቡኡ ቀቲሉ ርኧሱ ኣብ ኣፍ ዱባ ለቒሱ ተጻዊቱሉ ነበረ ኧሞ በዚ ምኽንያትዚ ተቒደመ ሕነ ኣቦኡ ገኽፈዩ መጽኡም ይብሉ ። ጌሉኽ ለለምንታይ ኢዩ ዘየመር ዓም ገዝብል ሕቅ ኮነ ፡ ሓዱ ጠንቂሳይ ፡ ኧቲ ካብኻ ዝዉሰኧ ነጥፍን ካ ኢዩ ኢልም ብምንባሩ ጌሉ ገኽዚትምርፃ ኮኒንዋ ነበረ ይበሃል ። ኧቲ ዕዉር ምለ ጌሉ ኣብ ማዕዱ ናይ'ቲ ዓስ ነዋ ኢሉ ፡ ኣቲ ጌለይ ኧዚ ዱለ ኮንዲይ ይኧመ በሳ ፡ ንሳ ጽማ ዝኣተ'ምበር ዝወኧኧ ኣይረኧኹን ኧናበለ ን ምለ መለሽችሉ ፡ ኧዚ ጽቓሳ'ዚ ወዲኡዎም ነሕዋተይ ኢሉ ካብኡ ዝሃዱመ ምለ ጌሉ ንለገነይቲ ኣተወ ። ኣብኡ ካብ ጌሉ ሸወዓተ መሰዱ ይበሃል ። ካብኡም ለሰለተ ብዕርቂ ንለሱየ ተመሲሶም ሉሚ ንለም ዝፈር

[14] ዝተጠቅለ መጽሓፉ ገጽ 153

[15] ዝተጠቅለ መጽሓፉ ገጽ 165

ሪዮዎም ኣብኡ ይቕመጡ ኣሰው።

በሰው ብዓሌቶም ዝምነክሑ ፡ንዘይዓሌቶም ዘንዕቁ ፡መሰፈ ወዲ ሰብ ዘይሕልው ፡ብርቱዓት ህዝቢ ነይሮም።ካብ ንዕቀት ዘንከፈ ፡ንኹም ብዘይካ ኣብ ወዲ በሰው ኣብ ካፊኽ ዓሌት ከትኣቱ ዘይፈቕዱ ፡ንሳቶም ግን ኣዋፊድ ካፊኽ ዓሌት ዝምርዓው ነበረ ። ኣብ ትሕቲ ስፈጣናም ንዝመሓዱር ዝነበር ዘይዓሌቶም ህዝቢ ኽምብዛ ጨቈኖም ነገም ባሮት ሓዝዎ ፡መሰፈ ወዲ-ሰብ ዒማ ከፍኽዎ። በዚ ምኽንያት ኽቲ ህዝቢ ተዓሂሉ ንወዲ-ሰብ ካብ ዝግባኽ ንላዕሊ ገመቶም ፡በሰው ዝብፊ ኣም ነገ ጐይታ ነገም ማለት ኮነ ። ክሳብ ሕጂ ኽዉን ብቕንቖ ትግረ "በፍዋየቱ" ክበሃል ኽነክሱ "ጐይታይ ኢዮ" ማለት ኢዩ። በሰው ቕንቖኦም ትግረ ኢዩ ነይሩ ።

ኣብዚ ኽዋንዚ በሰው ኣብ ኩሉን ኣውራዊታት ኤርትራ ፋሕ ኢሉም ይርከቡ ። ቤት መካ (ቤት - መካኽ) ፡ዱቂ ሸረከናይ ፡ዓዲ ኹሉ ፡ሚናስ ፡ወኪ ዱይባ (ወኪቱባ) በሰው ሓማሴን ኢዮም ። ዱቂ መሓመድ መሰጸ ፡በሰው ባኪማ (ባርካ) ዓዲ ናይብ (ምጽዋዕ) ። ሓዱ ክፍሊ ናይ በሰው ባኪማ ፣ ዓዲ ኹሉን ኣብ ኣ ዉራጁ ነበረን ይርከቡ ። በሰው ሳሕፊ ኣብ ሓባብ ኣሰው ። ተዱረር ፡በሰው ሓወ ዓ ኣብ ኣነሰ-ንዛይ ኣሰው ። ዱቂ ኣይታኤስ ፡ዱቂ ኣምሩ ፡ዓዲ ህዝባይ ፡ዓዲ ኣ በዛ ፡ዱቂ መሓመድ ጸዕዲ ኣብ ሰራየ ኣሰው ። ኣብ ትግራይ ኽውን ኣብ ኣዉራጁ ታት መጽብረን ኽገሳ-ዱገብስን ፡ጽድዓን ፡ኽምባ ሰነይትን ፡ገረሓሰታን ፡ሓራማኑ ይርከቡ ። በሰው ካብ ሓውሲ ዱሴት ዓረብ ዝመጹ ዓሌት ዓረብ ምኺኖም ኩ ሉም ጸሓፍቲ ታሪኽ ተሰማሚ ፃምሉ ኣሰው።

ነጻ ንኣሽቱ መንግስታት

ካብ ታሽዓይ ክፍለ ዘመን ኣትሒዙ ካብ ኢትዮጵያን ማኽከሳይ ምስራችን ሱዓንን በብኽዋኑ ሓጸስቲ ዓሌታት ንኤርትራ ኣተዋ። ካብ ኢትዮጵያ ዝመጹ ቤት ሙሲ ፡ቤት ኣወቀ ፡ጠቀር ፡ሊባን ፡ዛውፊ ፡ኣጽከመ-ምሰጋኽ ፡ዓቪም ፡ሱሩን ፡ቤት-ታ ርቀ ፡ሰሓርቲ ፡ከምኡውን ካፊኦት ንኣሽቱ ዓሌታትን ኢዮም። ኽቶም ካብ ማ ኽከሳይ ምስራች ዝመጹ ብኽፊተ ወገን ኣተው ። ሓዱ ክፍሊ ብሓወሲ ዱሰት ዓረብ ኣቢሉም ካብ የመን ንወኽመጥ ባብኤል መንዱብ ሰረሮም ንኤርትራ ኣተው ። ኣብ ምዕራባዊ ገምገም ቀደሕ ባሕሪ ንገሰ ጊዜ ዱሕሪ ምጽናሕ በብቑ ራብ ንከበሳ ኽናወጹ ኣብኡ መሬት ሒዞም ተቕመጡ ። ነሳቶም መዓዉያ (መሓዊ) ፡ዓሳዉርታ ፡ዓዱ ሸኽ ማሕመድ ፡ዱባዓት ፡ሓዲሪም ፡ዓድ ሰይድ ፡በሬ ዓረብ ፡ብሰስ ፡ዝበዱ ፡ራሻይዲ ፡ኢየም ። ኽችም ሓዱ ክፍሊ ዒማ ካብ ሕዱዝ

ንቀይሕ ባሕሪ ሰረሮም ብመርሶታት ዓቒችን ሰዋኪንን ንኣፍሪቃ ኣተው ። ከ ከም ምርጫኦም ከኣ ገሊኦም ንኤርትራ ገሊኦም ንሱዳን ነዱ ። ንኤርትራ ዝኣ ተው ኣፈመዲ ፡አስፈዲ ፡ምዕሱት ፡ኣፍሰንዲ ፡ዓድ ሸኽ ሓምድ ፡ዓድ መዓልሚ መካፊን ካፊኦት ከም ሓራብሰ ዝኣመሰሳ ንኣሽቱ ዓሌታትን ኢየም ። ካብ ሱዓን ዝመጹ ዒማ መሮኒ ፡ናብታብ ፡ኣፍሳንዲ ፡ቀረብ ከናብ ፡ማዕቃቡ ፡ዓገ ር ፡ምሕህት ከናብ ፡ሓፈራ ፡ኣሸራፎ ዝበሃሉን ካፊኦት ንኣሽቱን ኢየም።

ኽዚ ንኤርትራ ዝኣተመ ህዝቢ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ተዱሪኹ ዝተሰ ዱጸ ኢዩ ። ገሊኡ ኣብ ዛገሩ ብዝነበረ ፓለቲካዊ ጭቈና ተሰቓዩ ሰላም ብምሳ ኣን ካብ ጭካኔ ዝዛዱመ ፡ገሊኡ ብነቕጹ ምኽንያት ዝበፅፃ ከኢኑ መሳቢን ምድላይ ዝተሰነዱ ፡ገሊኡ ካብ ንናብራኡ ዝሰማማዕ መሬት ንምሓዝ ... ወዘተረፈ ኢዩ ። ሃሰቃ ታየ ካብ ዝብሉ ፡መዓውዪ ኣብ ዛገሩት ኣስላም ነጊሱ ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ ኣብ መንጎ በኒ-ኡመያን በኒ-ሃሺምን ብርቱዕ ውድድ ርን ፓለቲካዊ ግጭትን ስለ ዝነበረ ዛገራዊ ውግኣ ተባርዐ ፡ስለዚኽን ብዙ ሓት ዓሌታት ካብ ሞት ዛዱመን ፊቕዱ ዛገሮት ተሰዲዱ ። ከምኡ ድማ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ መንጎ ዛጐን ዘርኢ ሰለሙን ኢና ዝብሉ ዓሌትን ፡ፓለቲካዊ ውድድርን ግጭትን ስለ ዝነበረ ብዙሓት ዓሌታት ኣገው ንኤርትራ መጺኤን ብስላም ተቐመጣ ።

ኽዚ ኣብ መጨረሽታ ዝመጹ ህዝቢ ፡ብዘይ ኣፈላላይ ዓሌትን ሃይማኖት ን ኣብ መሳኽ መሬት ኤርትራ ፋሕ ኢሉ ርስቲ ሒዙ ተቕመጠ ፡ብመውስቦ ተ ሓዋዊሱ ኽእ ሓዱ ዓሌት ፊጠረ ። ንሱ ኽዚ ሉሚ ዘሉ ኤርትራዊ ህዝቢ ኢ የ ። ሓፃፍ ህዝቢ እስ ዝነበረ ንመሳፍንቲ በሰው ኣሽኒፋ በብዓዱ ነዳ ንኣሽ ቱ መንግስታት መስረተ ። ኩሉን ብርቱዓት ኣፍቀርቲ ናጽነት እስ ዝነበራ ፡ዋኣ ሓንቲኤን ኽኗ ንኻለኦት ኣሕቢራ ክትገዝኽ ዘፈተነት ወይ ዝዴፈረት የሳን ። ነፍሲ ወከፈን ናይ ነዳ መንግስቲ ምሉኽ መስፈ ነበረን ። ህዝቢ መራሕን ጭቃታ ንን ብጽሳቱ መሪዱ ኣብ ርኽሶም ቆጽሲ ብምንባር ይሸሞም ፡ኽንተ ሰነፋ ዒማ ይስዕሮም ነበረ ። መራሒ ምስ ጭቃታትን ኽማግለ ዓዱን ፡ንጉዲይ ህ ዝቢ ብተገዲስነትን ንጹህ ሕልናን ይፍጽሙ ። ሕግን ስርዓትን የውጽኡ ብኡ መስረት ዒማ የመሓድሩ ። ብኡሳት ይዓርቑ ፡መሬት የካፍሉ ፡ናይ ህዝቢ ህ ይወትን ጥሪትን ብግቡኽ ተሳፊዩ ክነብር ዒማ ኣጥታ ነበይበሉኽ ሰላም ነበነግ ስ ይጽዕሩ ።

ቅድሚ ግዝኣት ጣልያን ፡ፓሊስ ወይ ኽውን ሓለውቲ ጸጥታ ዝበሃሉ ወተ ሃዳር ኣይነበሩን ። ጸጥታ ምሕሳው ብቕጥታ ናይ ህዝቢ ሓሳፍነት ነበረ ። ብኻል ኽ ኣዘራርባ ፡ነፍሲ ወከፉ ዜጋ ኣብ ሰፈሩ ብዝርከብ ናይ ጸጥታ ጉዴሰት ተጠ ዒቕ ይኸውን ። ኣብ ሓዱ ቦታ ቅትለት ወይ ዘረፋ ኽገተተፈጸመ ናይቲ ቦታ ነ ባሮ ወይ ርስተኛታት ብሓሳፍነት ይጥየቕ ። ንበዱለኛ ኣብ ቅድሚ መራሒ

ከቅርቡ ፡ ካብኡ ዝተረፈ ናይ'ቲ ኣተፈጻመ ገበን ሓሳፍነት ክቅበሉ ይግዴዱ ። በዲሰኛ ኣገተጠፍኣ ናይ'ቲ ጉድኣት ካሕሳ ኣተ ህዝቢ ይኽፍሉ ። ነበርቲ ገበን ኣብ ዝዋጸመሉ እዋን ድማ ርስቱ ነበረተረፈ ይወርስ ። ስለዚ ነባሪ ሰሳም ንፃሮ ካብ ነብሩ መቅጻዕቲ ክድሕን ክብልን ፡ ህዝቢ ብግዲ በብሳጹ ብንቕሓት ጸጥታ ይሕሉ ፡ ንበጹሓኛ ነበይስተረ ኣብ ቅድሚ ሕጊ የቕርቦ ፡ በዚ ድማ ሰሳም ይነግስ ።

ህዝቢ ኤርትራ ፡ ቁጽሩ ብዘየገድስ ብነጻነት ክነብር ዝዴሉ ህዝቢ ኢዩ ። ነፍሲ መከፍ ነጻ ምምሕዳር ግዝኣታ ኣብ መኽሸጢ ፉሱጥ ዴቢት ኮሎይት ካብ ተጽዕኖ ባዕዲ ነፃ ነበረ ። ነናይ ገዛኽ ርእሰን ሕግን ስርዓትን ግቡኽ ምምሕዳርን መስ ሪተን ክኣ ብስሳም ነበሩ ። ህይወት መዲ-ስብን ጥሪቱን ብሕጊ ዝሕሉ ክቡር ነይሩ ፡ ነገምዝ ኮሎም ዋጋ ኣኢት ኤርትራዊ ብጥዊት ነገም ቆጽሊ ኣይረገፈን ።

ዝበዝሕ ጊዜ ኣብ መንነ ጐሊባብረ መነግስታት ሰሳምን ጽጉቕ ጉርብትናን ነዚ ምናሰባት ውግኣ ኣነተተገብረግን ኣቶም ዝሰዓሩ ዝዘረፍ ዘሪፎም ናብ ቦታኦም ይም ለሱ ነበሩ ኣገምበር መሬት ጐሊቤን ኣይወረሱን ። ኣዘን ናዓ ንኣሽቱ መነግስታት ኣ ዚኣተን መሬተን ገኣሸ ቅጽሪ ህዝበን ከኣ ውሑዱ ነይሩ ። ኣብ ካልኣ ወገናት ኣፍሪቃ ኣውን ካልኦት ነዓ መነግስታት ነበሩ ። ኣነተኽነ ጓኒሐን ብዙሓት ካብኣተን ኣናሓበሩ ሳበዪቲ መነግስታት ኣቓማ ። ኤርትራውያን ግን ነናይ ገዛኽ ርእሰም ናጽነ ት መሪጸም ክሳብ ግዝኣት ግልፃን ጸንሑ ። እዚ ኽኣ ብመኸ መጠናዊ ጉድንት ኣኽነተሉ ። ኣብ ውጽጢ ጸቢብ ምምሕዳራት ተዓጽዮም ምስ ወዓኢ ርክብ ዘይም ግባሮም ሕብረተሰብኣውን ፓለቲካዉን ኤኮኖምያዉን ምምሕያሽ ክህሰም ኣይ ነካሳሰን ። ናይ ሳገር ልምዓትን ዕብየትን ዝርክብ ፡ ንጀዲገኽ ነባራዊ ፡ ምስ ካልኣ ህዝቢ ሓቢርካ ብምስራሕን በብሳይነቱ ኢዱናብባትን ሓፈሻዊ ባህልን ብምሉ ዉዋጥነኢዩ ።

ንብዙሕ ዘመናት ብሰሳም ዴሕሪ ምንባር ፡ ካብ ፈንoo ዓ.ም ኣቢሉ መሳፍንቲ ኢትዮጵያ በብገዚኡ ወራር እናሰነኣኹ ህይወት ሰብ የጥፍኡ ፡ ሳድታት የቃጽሉ ፡ ነብቲ ዘሚቓም ድማ ንሳዱም ይምሰሉ ነበሩ ። ህዝቢ ነገምዘይዕጻፈሎም ፈሲሞም ማ ንኢርትራ ክገዝኡዋ ኣይፈተኑን ። ተግባሮም ዘበሰ ነኩሉ ኣብ ሽፍትነትን መምብድናን ዝዘመ ስረተ ብምነባሩ ኣብ መንነ ነፅቲኡ ኣህዛብ ሳቢይ ጽልኢ ፈጠረ ።

ምምሕዳር ናይዘን ናዓ መነግስታት ኤርትራ ፡ ኣብ ዴሞክራሲ ኣተመስረተ ነብ ሳሌታውን ሳይማኖታዉን ጸቕጥታት ናዓ ኾይኑ ናይ ፕመት ውድድር ዝፈጠሮ ብ ምንባሩ ፡ ሰብ ብዘይ ስክፍታ ርእይቶኡ ክህብን ንዝመህሰሉ ክመርጽን ነጻነት ነ በሮ ። ከምዚ ሉሚ በሰሙ ዝርኤ ዘሎ ኣነስሳዊ ተግባር ዘይኮነ ፡ ቀዳም ብጋህዲ ወይ ብክውር ህይወት ወዲ ሰብ ምጥፋኡ ጽቡቕ ነገር እዩ ነይሩ ። ኣብቲ ኣዋንቲ ተዓሚጽና ኢሎም ዝሸፍቱ ዝነበረ'ውን ንይተሳኣኑን ፡ ሳገዝ ፈፅቦም ነከኣ ገ ጐንዴር ይኽዱ ነበሩ ። እዩም ቀዳሞት ዝዝነሩ ብ1600 ዓ.ም ኣቢሉም ናብ

ንጉስ እሽዱካብ ጸዓዋ-ዘጋን መንሳዕን ኢዮም ። ብስልጣኑ ኣሚኖም ዘይኮነስ ሓይሉ ረኺቦም ንጸሳኣችም ኣጥቂፆም ስልጣን ነኽፍብሙ ብምሕሳብ ኢዩ ። እንተኾነ በቲ ዘመነ'ቲ ሳዓይ ፊሲል ንጉስ ጐንዴር ዝኣነፍለ ሮ ኣብ ክንዱ ወተሳዴር ፡ መፍርሂ ይኽውን ኢዩ ኢሉ ዝኣምነሉ ናይ ዱገዝ ማኣን ከንቲባን ሽመት ሂቡ ናይ ሳጭኹም ገዛኣቲ ሽይመኩም ኣሎኹ ኢሉ ገሳፂም ይመፅሶም ነበረ ። ንሳብ እሱስ በሳፅ ጸዓዋ ዘጋ ዱገዝማቲ ክብሎ እንክሎ ንዘርኢት መንስዓታይ ክኣ ክንቲባ ኢሉ ሸሞ ።

ጸዓዋ-ዘጋ ናይ ንጉስ ሹመት ተቕቢሎም ብሳብስሱስ ተገዝኡ ፡ መንሳ ፅ ግን ናይ ህዝቢ ኣምበር ናይ ንጉስ ሽመት ስለ ዘይፈፅሙ ገሪሙዎም ፡ ንኽነ ቲባ ዘርኢት ኣሊሮም ንህዝቢ ክሒዱካ ብዝብል ክሲ ንዋርጲ ሽማግሶ ኣት ሪቡዎ ፡ ሽማግሶ ድማ ንዓቡ መርሚሮም ንሞት ፈርዱዎ ።[16] እንተኾነ ሓዱ ካብ ሳቢይቲ ሳጲ "ብሕጊ መንሰፅ ፡ ሹመኛ ብሞት ኣይቅጻዕን" እናበለ ሞጉቱ ካብ ሞት ኣድሓኖ ። ሳዓይ ፊሲል ንጉስ ጐንዴር ኣብፅዕኢ መንሳዕ ስለጣን ስለ ዘይነበሮ ፡ ዝሳቦ ሽመት ገኽድንዕ ዝወስዱ ክጉምቲ የልቦን ። ኣብ መንነ ህዝቢ መነሳዕ ናይ ሓድሕዱ ኮናን ምስ ተሳዕፉ ካብ ሽዑ ቺሚሩ ድማ ኣብ ክፍተ ተገሚፃም ኣብ ክንዱ ሓዱ ክፍተ መንሳዕ ኣበሉ ።

እዘን ነፃ ንኣሽቱ መንግስታት ኤርትራ እምነተን ኣብ ነፍሰን (ኣብ ገዛ ኧ ህዝበን) ስለ ዝነበረ ሓፃናት ኮና ፡ ኣነጻር ዝኾነ ሓይሲ ድማ ገናድነተን ብዘዩ ስግኣት ተኽሳኽሰ ። ከመደ ገደረን ኢየን እዘን ንኣሽቱ ምማሪሕዱራት እ ዚኣተን ኣንጻር ሳቢይ ሓይሲ ተኽሳኺሰን ንብዙሕ ዘመናት ናጽነተን ሓልየነ ክነብሩ ዝኽእሳ ዝብሉ ኣይስኣንን ይኾኑ ። እንተኾነ ናይ ኤርትራ ኮኖታት ከምኡ ከምዝነበረ ፡ ኣሉ ዘይበሃል ሓቂ ምኺኑ ብዛዕባ ታሪኽ ናይ ነፍሲ ወከፍ ህዝቢ ክጸሓፍ ከሎ ክግለጽ ኢዩ ።

ኣርሕቕ ኣቢልና ጥንታዊ ናይ ሳለም ታሪኽ እንተመርመርና ክኣ ንዲዮ ብ ዝበለጸ ክበርሃልና ይኽእል ። ንምስሌ ለዓሮት ንእሽቶይ ካርታኹ ብመሬሕነት ሃነባፅ ካብ ኣፍሪቃ ነቒሉ ንሓውሲ ዱሴት ኢበርዓን ፈርንሳን ሒዙ ንሮማ ተቕልቀለ ። ንሮማ ድማ ብዙሕ ኣስግኣ ። ሮማ 'ውን እንተኾነት ካብ ንእ ሽቶይ ክተማ ሳቢይ ሓይሲ ኮይና ምዕራብ ኤውሮፃን ማእኸላይ ምክሪቕ ን ኣብ ገማግም ማእኸላይ ባሕሪ ዝርከባ ሃገራት ኣፍሪቃን ሒዛ ገዝኣት ። ኣብ ሳለም ሕግን ስልጣኔን ዘርግሐት ። ኣኽሱም ካብ ንእሽቶይ ቁሽት ተሳ ዒሳ ነቲ ኣብ መንነ ኣኽሱምን ግብጽን ዝርክብ ሰፊሕ መሬት ኣፍሪቃ ሒዛ ገዝኣት ። ረፑብሊክ ሳን ማሪኖ ፡ ከውሒ ዝበዝሓ ኸምባ ካብ ብዙሕ ዘመናት ጁሚራ ነፃ ዝጸንሐት ሳገር ኢያ ። ብመበፅ ሳሰርተ ትሽሓተ ክፍሲ

---

[16] ካርፅ ንስታቭ ሩዴን - ክሰኢ መንሰፅ - ዱግም ወፍትሕ ወዳዱታነ - ገጽ 29

ዘመን ነቲ ውሩይ ጋሪባልዲ ኣዕቂባ ካብ ሞት ኣወጽእዎ። ስዎሊ መሬታ ኸብተን ኣብ ኤርትራ ዝነበራ ኣጸቢቑ ዘነጻሉ ፡ቁጽሪ ህዝባውን ዝወሓዱ ኢዩ። ክሳብ ሕጂ ናጽነታ ኣይተዓቖረን። ብህዝቢ ዝተመርጹ ኣባላት ሳገራዊ ባይዓን መራሕ መንግስትን ኣለውዎ። ካልኦት ገኒሾቱ ናጻ ዓድታት ካብጥ ንቲ ቹሚረን ኣብ ኣፍሪቃ ኣለያን ኤርሮጳን ነበራን ኣለዋን።

ኣብ ኤርትራ ዝነበራ ገኒሾቱ ናጻ መንግስታት ኣዘን ዝስዕባ ኢየን፦

1. ግዝኣት ምድሪ ባሕሪ፡ መሬት ሓማሌንን ሰራየን ዘጠቓልል፡
2. ባርካ ምስ ምስራቕ ኡጋን
3. ጋሽ ሰቲት ፡ ባርያን ኩናማን ዘጠቓልል
4. ስለስተ መደርስ (ሳሕል) ሓባብ ዓድ ተማርያም ዓድ ተኽለስ

5. ቤት ታርቀ	13. መገሳዕ
6. ቤት ጣዉቀ	14. ኣገላ ሓጺን
7. ማርያ	15. ስመሮና
8. ቤት ጁክ	16. ሓዘ
9. ዓንሰባ ለመጠሌ	17. ቆርዓ
10. ወዲ ክሳ መለሓል ምስ ኣኽራን	18. ዓሳሙርታ
11. ኣንጋገኣ	19. ዱጉዛይ
12. ሓዪግቲ	20. ሚኒፈሪ
	21. ጽንዓ ጸግለ

ሰምሳር ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ናይብ ነበረት ፡ ናይብ ዒማ ናይ ቶርኪ መከፈ ኢዩ ነይሩ። ብዛዕባ ዱንከፈ ብዙሕ ኣይዮስጥን ። ኣብ ቁሽታት ተመቓቒሉ ም ብንግድ ምስ ኣዕራብ ርክብ ነበርም መራሕቶም ክኣ ብመዓርግ ኮለጣን ዝቖሰጡ ክምዝነበሩ ጥራይ ይዝንቶ ። ኤርትራ በዚ ኽኒታትዚ ንኣ ስታት ሓውሽተ ሚኣቲ ዓመት ጸንሐት ። ኽዚ ዒማ ኧቲ ሓዱ ቖሉይ ክሳ ብ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ዝተራእየ ዝበለጸ ናይ ምሉእ ናጽነትን ሰላማዊ ጸጡ ቕ ናብራን ጊዜ ኢዩ ነይሩ።

ናይ ባዕልኻ ምምሕዳር መስሪትካ ካብ ተጽዕኖ ማኽክላይ መንግስቲ ና ጻ ኾነካ ምእራኡ ዓቢይ ጠቕሚ ይህብ። ህዝቢ ፡ ባህሉን ጠቅላሳ ናብራኹን ብ ዝሬልጡ ንቕሓት ኣማሓዳርቲ ተመሪሑ ኣብ ዕብየት ክበጽሕ ይኽእል። በዚ ጊዜ'ዚ ብዙሓት ሳገራት ዓሰም ዝመርሑ ዘሎዉ ጉቹሳታት ፡ ሓዱ ፓለቲካዊ ማሕበር ጥራይ ኢዩ ክህሉ ዝኽእል ብዝብል፡መሰል ኣገልጋኦት ውድባት ተንጊዱ ብሓዱ ፓለቲካዊ ማሕበር ዝውነን ስርዓት ኣለ ዘመሓድሩ ፡ መ ስኪን ህዝቢ ክይዘረብን ርእይቶኹ ክየገልጽን ተኽልኪሱ ሳገራዊ መሰሉ ተገፊፋ ይተርፎ ኣለ። ናይዚ ሳዕቤን ዱማ ሽዎትነትን ናይ ሓድሕዱ ዉግእ ዒም ምፍላስን ሓድነት ሳገር ምጥፋእን ይኽውን ። እቲ ዝኽፍኣ ዱማ

ነዚ ዓይነት ምምሕዳር'ዚ ህዝባዊ ኢሉም ይጽውኦዎ ። እቲ "ካብ ህዝቢ ብህዝቢ ንህዝቢ" ዝብል ጭርሖ ዱኣ ኣበይ ኣሎ ? ህዝባዊ ምምሕዳር ወ ይ'ውን ዱሞክራሲያዊ ስርዓት ፡ ብህዝቢ ተመሪጾም ኣገልግሎቶም ገሚችሚ ሳገር ዘወፍዩ ናይ ህዝቢ ልኡኻንን (ባይቶ) ሰበ ስልጣንን ዝመርሕዎ መንግስቲ ማለት ኢዩ።

ኣብ ሓዱ ሳገር ዝተፈላለዩ ፓለቲካዊ ማሕበራት ምስ ዝህልው ጥቕሙ እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ መንግስቲ ነቲ ብህዝቢ ኽተዋህቦ ኽምነት ክባጉፍ፡ ብዝኣተዎ ወዕፎ ኣገልጉሉቱ ብልክዕ ክገዲ ንምቀጽጻር ይጠቅም ። እንተዂ ክመ ክኣ ብዝሓሸ ክቖሉ ክትካእ ይኽእል ። ህዝቢ ዕብየት ዝርክብ ፡ ሳገራዊ ኽምነት ኣሕዱራ ብሓዱነት ንናይ ሓባር ጠቕሚ ክስርሕ ክሰሙ ኢዩ። ሕብረት ክርክብ ዱማ ኣቕዲምካ ዋጋ መዲ-ሰብ ክሰዕ ክንዲይ ክቡር ምኽት ምቖሳ ጥ የድሊ። ህይወትን ጥሪትን ክብርን ወዲ-ሰብ ተሓልዩ ምንባር ንሓዱነት ሳገር ግዱን ኣዱሳዩ ኢዩ ። መስፈ ወዲ-ሰብ ምሕሳዉን ፡ጉዳይ ዓዱኽ ባዕልኽ ምዋሙሕዳርን ፡ ትምህርትን ሓሳዊ-ጥዕናን ናይ ኤኮኖሚ ምምሕያሽን ተተ ሓሒዘን ዝኽዳ ፡ ብሓዱ ክምዕብሳ ክሰዉ ዱማ ናይ ሳገር ዕብየት ዘስዕባ ዘይፈላለዩ ነገራት ኢየን ። ናይ ሳገር መሰረት ህዝቢ ኢዩ ። መሰረቱ እንተጸንዐ ክኣ ኢዩ ሳገር ኣብ ዕብየት ክበጽሕ ዝኽእል።

እተን ኣብ ኤርትራ ን 500 ዓመታት ኣቢሉ ዝኽውን ኧዋን ብስላምን ዱሞክራስን ናጽነትን ዝመሓዱራ ዝነበራ ናጻ ገኒሾቱ መንግስታት ፡በዚ ሉ ሚ ዘሎ ናይ ምምሕዳር ሳገራዊ ዕብየት ፡ ኣበየናይ፡ መን ፡ ክምዘነበረት ብኽብኽ ኣዘራርባ ኣበየነይቲ ኣውራዲ ኣየናቶ ንኣሽቶ መንግስታት የመሓድራ ክንም ዝነበራ ካብ'ዚ ቀጺሉ ተዘርዚሩ ይርከብ።

ኣብ ኣውራዊታት ሓማሌንን ሰራየን

ግዝኣት ምድሪ ባሕሪ ነቶን ናይ ሉሚ ኣውራጃታት ሰራየን ሓማሌንን ኣማሚሩ ዝሓዘ ክኽውን ኧነክሉ ዋና ክተማኡ ድባርዋ ነበረ ። ካብ ኩሉን ነዳ ምምሕዳራት ኤርትራ ዝሓሸ ፓለቲካውን ወተሃዳራውን ዝና ነበሮ ። ብስቶሉ መሬት ግን ባርባ ን ጋሽን-ሰቲትን ሳሕልን ዝሳበያ ነበራ ። ናይ ምድሪ ባሕሪ ዕብየት ክግለሰት ዝኽኣሰ በቲ ኽዛ መንግስቲ ኽዚኣ ኣንጻር ወራሪት ናይ መሰፍንቲ ኢትዮጵያን ፡ናይባትን ፡ መሓመድ ግራኝ ን ፡ንጉስን ፡ብዘካየዱዎ ኵናትን ዝርክበዉ ዓወታትን ኢዮ ።

ኣብ ኣውራጃ ኣክሉ-ጉላይ

ኣክሉ-ጉላይ ናይ ምድሪ ባሕሪ ክፍሊ ኣይነበረትን ። ኣብ ዉኽጣ ኧተፈላለዩ ነጻ መንግስታት ነበርኣ ። ካብኣተን ዝዝከራ ኧንጋንኣ ፡ኧገላ-ሓጽን ፡ ጽንዓ-ዱግሉ ፡ ዱጉዛይ ፡ ወዲ ክሳ መለሓል ምስ ኣኽራን ፡

ስመጓና፡ቆርዓ፡ሓዘ፡ዓሳውርታ፡ሚኒፈሪ ኢየን።

ኣብ ኣውራዊ ከረን

ኣብ ኣውራዊ ከረን ኸፍሽተ ነዓ ምምሕዳራት ነበራ። ንሳተን ከኣ መነሳዕ ታርቀ፡ሰመጨ፡ጣውቀ፡ቤት-ጹክ፡ማርኝ ይበሃሳ። ካብዘን ሱሚ ኣብቲ ቦታቲ ዘሉዋ ዓሌታት ቅድሚ ኩሉ መጺኤን ዝሰፈርኦ መነሳዕን ማርኝን ኸየን። ኣብ ዝኽተል ምዕራፍ ብዛዕባ ነፍሲ ወከፈን ብዋሳይ ክጸሓፍ ከሎ ብሰፊሑ ክግለጽ እዩ።

ኣብ ኣውራዊ ሳሕፅ

ቆልም ሳሕፅ ብምሉኑም ሓቢሮም ትሕቲ ኣልመዓ ይመሓዱሩ ነበሩ። ብ1600 ዓ.ም. ኣቢሉም ቤት-ኣስገዲ ካብ ሓማሌን መጺኡም ብጥበብ ስልጣን ሒዘም ንቑሩብ ጊዜ ሓቢሮም ጽሕሬ ምጽናሕ ብህርፋን ስልጣን ተባኢሎም ምምሕዳሮም ኣብ ነነስተ መቃቐሉዎ። ናይ ሰሩስተ መቖሰስ ግዝኣት ከኣ ተባህሉ። ሓባብ፡ዓፍ ተማርኝም፡ዓፍ ተክሌስ ማለት ኢዩ። ክሳብ ቀረባ ጊዜ ፍጣ ቀጸሉ።

ኣብ ኣውራዊ ባርካ

ካብ ሱዳን ብዝመጹ ናብታብ ብዝበሃሉ ዓሌት ቒዕሌን ይምራሕ ነበረ። ክሳብ ጣልያን መጺኡም ምስ ኸነግሊዝ ብዝገበርዎ ስምምዕ ተቆሪጹ ንሱዳን ዝመሃብ ምስራቕ ሱዳን ወይ ኣውራዊ ክሰሳ ሓዲ ክፍሊ ናይ ባርካ ኢዩ ዝነበረ። ስሩዝ ኣቲ ብስፍሓት መሬት ዝዓበየ ናዓ ምምሕዳር ንሱ ኢዩ። ብዙሓት ሕዉስዋስ ዓሌታት ዝሓዘ ግን ክም ሓንቲ ቤተ ሰብ ዝመሓዱር ሓይሉ ዘይዕጸፎ ሃብታምን ብዙሕ ህዝብን ነበረ።

ኣብ ኣውራዊ ጋሽ-ስቲት

ክፍተ ጥገታዉን ዓበይቲ ዓሌታት ኩናማን ባርኝን ዝሰፈርኦ ናዓ ምምሕዳር ኢዩ። ቆልም ናይ ነንበይነኝ ምምሕዳር ነበረን። ንብ ዲሕሪዋይ ጊዜ ግን ክፍተኣን ሓቢረን ብመሬትነት ባርኝ ይመሓዱሩ ነበሩ። በዚ ኸዋንዚ ብዙሓት ካልኦት ዓሌታት ኤርትራ ኣብኡ ሰፊረን ይርከባ።

ኣብ ኣዉራዊ ሰምሃር

ህዝቢ ሰምሃር ኣብ ትሕቲ ቀጽጽር ናይብ ነበረ። ናይብ ዕማ ናይቲርኪ ወኪል ኢዩ ዝነበረ። ስለዚ ብኢጣ ኣዙር፡ናይ ቲርኪ ግዝኣት ነይሩ ኢዩ። ኣብቲ ጊዜቲ ሽሕኳ ቲርኪ ናይ ባሕሪ ኸምበር ናይ መሬት ግዝኣት ህርፋን ኸንተዘይነበሮም ነዛ ኣብ ገምገም ባሕሪ ኤርትራ ትርከብ ወዲብ ሒዞ ም ንሰምሃር ብኢጣ ኣዙር ይገዝኡዋ ነይሮም፡

ኣብ ኣውራዊ ዓሰብ

ህዝቢ ቋንቋን ኣብ ንኣሽቱ ዓዉታት ተመቓቒሉ ሱልጣን ብዝበ ሃሉ መሪሕቲ ይመሓዱር ነበረ። ብንግዱ ምኽንያት ምስ ኣዶራብ ርክ ብ ነበሮም ኸንተኾነ ክም ምስ መዓኢ ዝነበሮም ርክብ መጠን ኣይነገፍጠኑን። ክሳብ ሱሚ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ኸቶም ዝዲኸቦ ንሳቶም ኢዮም።



ሳልሳይ ክፍሊ

ናይ ሎሚ ዓሌታት ኤርትራ

በዚ ጊዜ ኸዚ አብ ኤርትራ ዝርከባ ዓሌታት ኸዘን ዝኣዕብኣየን፡-

ኩናማ ወይባዛ
ባርኣ
በሐዉ
ሎጎ ጭዋ
መሓዊ
ዓሳዉርታ
መሮኒ
ኣግኣዝያን
ሰሓርቲ
ኣገዉ
ዱባዓት
ወቐርቲ
ሚኒፈሪ
ኣግነ
ጸግጹገ
በኻ
ሳጐን
ባርጊሰ
ኣያሳንዳ
ውልዱ-ናህ
ኣንከሳ

ዓሞሆይታ
ዓህመሳ
ሓዱሪም
በሳስዋ
ሶማሬ ሓሪናን ባጣዕን
ሓይስ-ማሰ
ሰብ-ጹራት
ታርቀ
ዓሺም
ኣልገዴን
ኣሰመዓ
ኣስፈዓ
ራሻይዳ
ሩግባት
ዓጹ-መዓልም
ምዕሉት
ዛግር
ናብታብ
ሰብኣቡር
ዓጹ ሸኽ መሓሙዱ
ዓጹ ሸኽ ሓሚድ

ኣሸራፎ
ቤት-ዓውዱ
ሓሪብሶ
ጉሪታ
ኣጹ ከመ-ምሰጋ
ዓጹ-ብሽናቅ
ዝበጹ-ብሰስ
ቀረብ-ከናብ
ዓጹ-ሰይድ
ሸኻ-ቡሀ
ዓጹዉሳ
ዓጹ-ሳይቾ
ዓጹ-ብርሓቱ
ሰንዓፈ
ራሻይዳ

ካብ መፃሕፍቲ ዝርክብኩዎን ካብ ሓበይቲ ዓዲ ዝሰማዕኩዎን ባዕለይ ብገዛኽ ርኢሰ ዘተመልከትኩዎን መሰረት ገይሪ ፡ ሎሚ ኻብ ጸርትራ ናይ ዝርከባ ዓሌታት ታሪኽ ክምዝ ዝኽተል ኣሕጽር ኣቢሉ ኣቕርብ።

ኩናማ ወይ ባዛ

ኩናማ ካብ ጥንቲ ዜሚሮም ኣብዛ ሃገር ዝነበሩ ንሎቲክ ዓሌት ኢዮም።[17] ፈሰማ ኣብ መሬት ከበሳ ኤርትራን ትግራይን ክሳብ ቀይሕ ባሕሪ ሰፊሮም ነበሩ። ሴማዉያን ምስ መጹ ግን በብቑሩብ መሬት ኸናሰቕቑ ንምዕራብ ገጹም ሰሓቡ። ብ፰፯፯ ዓ.ም ባዛ ዝበሃል ናዓ መንግስቲ ክምዝነበሮም ኤፊ ሄዕቅቢ ኣ ብ ዝጸሓሮ ታሪኽ ተመልኪቱ ይርከብ። እቲ ብሻምናይ ዘመን ቅኹሚ ፊዱት ክርስቓስ ኣብ ኣኽሱም ነረሱ ዝነበረ ንጉስ ባዜን ንጉስና ኢዱ ይብሉ። ክኽ ዉን ክኣ ይኽእል ኢዩ ፡ ስሙ ኧዉን ይነግረሉ ኣሉ።

ክሳብ ቁሩብ ዘመናት ሃይማኖታ ዘይብሉም ኣረማውያን ነበሩ። ሕጂ ግን ብዙሓት ኣብኣቓይ ሃይማኖታ ክርስትናን ምስልምናን ተቓቢሉም ይርከቡ እንተኾነ እቲ ኣረማዊ ባህሉም ኣይገፈፈን። ኣብ ኩናማ ፡ ጓል-ኣንስተይቲ ናዓ ኢያ። ነፍሳ ባሰሳ ትእዝዛ። ኣብ መንጎ ዒቂ-ተባዕትዮ ብሰንኪ ጓል-ኣገ ስተይቲ ዝሰዓል ቅንኣት ፈጺሙ የሎን። ብፍንግልና ናይ ጓለንስተይቲ ይቕነ ኡ ፡ ንዓኣ ዝወስኽ ብማሰኑ ክኣ ይዋግኡሳ - ዝስዓቢ ወይ ዝሓየሰ ይወስዱ። ሕጋ ምስ ፈረሰ ግን ናዓ ኢያ ፡ ንሳ ዝዴሰየፆ ዕማ ትችበል።[17] ፈታዊኣ ኣብ ገዝኣ ክመጽኣ ኣነክሉ ኣብ ኣር-ዒገ ፊዕሊ ማዕጾ ኩናቱ ይተክል። እዚ ክኣ ትሕዝቲ ምህሳዋ ዘፍልጥ ኢዩ። እቲ ብዒገ ዝመጽኣ ፡ ሰብኣኒ'ውን እንተኾነ እታ ኩናት ክሳብ ትወርድ ገዛኡ ኣይኣቶን ኢዩ። ዝውሰዱ ቁሰውት ናይ መን ምኽ ኖም ንምፍሳጥ አሰ ዘሸግር አምሰ ኣኮታቒም ይወስዱ ፡ ወገን ቤተ ሰብ ኣዲኦም ዕማ ይኾኑ።

ብዓበይቲ ዓዲ ዝመሓዱ ፡ ትእዛዝ ዓበይቲ ክምሰ ሕጊ ገይሮም ዘኽ ብሩ ህዝቢ ኢዮም። ብጥንቆሳ'ውን ይኣምኑ። ዝናብ ንምዝናብ ፡ እኽሊ ን ምፍራይ ፡ ክብቲ ንምብዛሕ ዉግእ ንምስዓር ሓይሲ ኣሎና ዝብሉ ፡ ህዝቢ ዝኣምኖም ጠንቂ ቁሰቲ ኣሰውዎም። ኩናማ ፡ መጽቀጥቲ ዝጸልኡ ፡ ናጽነት ዝፈትዉ ፡ ኣብ ዉግእ ፍርሃት ዘይብሉም ሼጋኑ ፡ ተንኮልን ሓሰትን ኣብ ቤቶም ዘይኣ ተዉ ንጹሳት ህዝቢ ኢዮም።

[17] A. POLLERA - LA DONNA IN ETIOPIA - P. 8

ባርያ

ኣሪስቶትለ በዓለ ቾርነ ኣብቲ ብኻልኣይ ክፍለ ዘመን ቅ.ል.ክ. ዝጸሓፎ ታሪኽ ፡ ባርያ ሓጺ ክፍሊ ናይ ዓሌት መጋባቢ ምኽኖም ይገልጽ። መጋባቢ ዝበሃል ስፊሕ ዓሌት ፡ ካብ ሉዓን ቀበሌ ሩባ ኣትባራ ክሳብ ምዕራባዊ ቆሳ መሬት ኤርትራ ስፊሩ ይርከብ። ቅኹሚ ብዙሕ ዘመናት ባርያ ንኤርትራ ኣትዮም ኣብዚ ሉሚ ሰ ንሕትን መንሳዕን ሒዞምዎ ዘሉው መሬት ተቓመጡ። ትጉሃት ሓረስቶት ክኣ ነበ ሩ። ኣብ ኣልጋዕታ ዝተባህሉ መሬት መንሳዕ ዝገፍፉዎ ዱረት ግራዉቲ ፡ ሓረስቶ ት መንሳዕ ክሳብ ሕጂ ብኹ ይጥቀሙ ኣሉዉ። ንምሳሉ ሓዱ ኧንተኹኣ ዱረ ት ጥሒኑ ወይ ኣፍሪኑ "ዱረት ባርያ ሓሲፉካ" ተባሂሉ ይኽሰስ።

ኣብዚ ተጠቒሱ ዘሉ መሬት ንብዙሕ ዘመናት ቁሕሪ ምቕማጦም ፡ ሓዱ ንጓ እንምስብኡት ምስ ኣንስትኦም ስምምዕ ስኢኖም ፡ ብሕቡኡ ንምዕራባዊ ቆሳ ጐሳ ዙ ፡ ኣብ'ዚ ሉሚ ዘሉዉዎ ኣውራዊ ቁማ ሰፊሩ። ኣንስትኦም ሰብኡተን ምስ ጠፍኡ ወን ክኣ ተጸጬነቕ። ኣብዩ ክምዝኽዱ አስ ዘይፈሓጣ ድማ ክስዕቦኦም ኣይኽ ኣሳን። ተሽሪረን ኧናጉሃያ ጓመት ምለ ጸንሓ እቲ ሃሰዋተን ንኽፈሓናን ዝሰኣ ኑዎ ሰብኣይ ምለ መጸን በኽያ። ቋሕሪ ሕጂ ኣመፈና ንገርፍ ፡ ሰብኡትና ዝበሉና ኑሉ ንዎጽም ፡ በቒኻ ናብኣም ኣብጽሓና ኧናበሉ ሰመንኽ። ሰፈሮም ክይነግረን ኣጠንቂቆምዎ አሰ ዝነበሩ ንኽነግረን ፈርሓ ፡ ግን ሓዴ ጥበብ መ ሃዘ። ሰቕታ ኽንፋኽ መሲኤን ንኽህበኽ ሓተተንሞ ምስ ኣምጽኡሉኽ ፡ በሳ እነ ነዚ ኽንፋኽ እንግረ መንገዱዩ ኧናዘራኽኩዎ ኽኽይዱ እዩ፡ ክረምቲ ማዩ ምስ ሂደመ እዚ ኽንፋኽ ክበቕል እዮ'ሞ ኽዑ ንቕሳ ፡ ንዕኡ ተኽቲልክን ቋማ ኣብ ኣቲ ዘሎናዮ ክንበጽሓ እኽን ኢሉ ተፋነውን። ኽንፋኽ እናዘራኽ ተመሊሱ ፡ ን ሰብኡተን ኧቲ ዝርኣዮ ነገሮም። ክረምቲ ዝበቕለ ኽፋኽ ተኽቲሰን ቋማ መዳ ስብኡተን'ውን ሪኽባ ፡ ዝኣዘዙወን ኩሉ ክፍጽማ ቃል እናኣተዋ ምሒሮም ኽኹ በሉወን ሰመናኦም ፡ ተቕበሉወን ነገን።

ኽግር እስ ዝፈተናኽ ነገሮቲ ዝኣተዋኽ ቃል ፡ ትእዛዝ ሰብኡተን ፈጺማ ገዓታቒም ዘሓጉስ እኩሕ ኩሉ ሰርሓ። ሕጂ ኣንስቲ ባርያ ብሚሕረስ ነነ ብም ርባሕ ነብቲ ክእለተን ፊክዕ ነገሮ ለብኡት እየነ ይበሃል። ለዚ ጊዜ'ዚ ሓፊሩን ማርያን ካልኦት ዓሌታትን ምስ ባርያ ተሓዊስን ይርከባ። ኧቅም ኧነ ዒ ኹመ ኖ ቋሳ ኣረይ ወፍ ዓገባ ኣብ ዓሌት መዓውያ ምኽኖም ይዝንቶ። ባርያ ን ቑሓት ህዝቢ ኢዮም ኣብ ዉግእ ድማ ዕምብርጽ ዘይብሉም ቒጋኑ እ ዮም። መሬቶም ንማሕረስን ንምፍራይ ነብትን ዝበቕዕ ሃብታም መሬት እዩ።

በለው

ኣብዚ ዘሎናዮ ዘመን ፡ በሰው ኣብ ኮሰን ኣውራዊታት ኤርትራ ፋሕ ኢሉ ም ይርከቡ ። ዘመኑ ብርግጽ ኣብ ዘይተፈፀመ ጊዜ ምስ ነበሰው ብሓዲ ካብኑ ብያ ንኤርትራ ኣተዉ ። ነበሰው ተፈሐዮም ንወሰቃፀት ፡ጸገዲን ሰሜንን ከይዱ ም ሰፈሩ ፡ በሰው ነበኣ ኣብ ኤርትራ ተሪፆም ፡ሉሚ ኣብ ሓማሴን ቤት-መካ (ቤት-መኾኻኣ) ፡ዲቂ -ሽሪነንያይ ፡ ሳዲ ፍኩሉ ፡ ሚናስ ፡ ወክ ጽይባ (ወኪዲባ) ኣብ ባርካ ዲቂ መሓመድ መሰጸ ፡ በሰው ባሺማ ፣ ኣብ ምጽዋዕ ሳዲ ናይብ ኣብ ኣውራዊ ነበን ሓዲ ነብዲ ሳ ናይ በሰው ባሺማን ሳዲ ፍኩሉን ፣ ኣብ ሳሕፊ ኣብ ሓግብ ይርከቡ ። ኣብ ኣነሰ-ጉዛይ ተዲርር በሰው ሓውያ ፣ ኣብ ሰራየ ዲቂ ኣይታኤስ ፡ ዲቂ ኣምሩ ፡ ሳዲ ህዝባይ ፡ ሳዲ ኣበዛ ፡ ዲቂ መሓመድ ዓፅዴ ካብ ሳሴት በሰው ኢዮም ። ብዛዕባ በሰው ብስፈሑ ኣብ ገጽ ፈፐ ተገሊጹ ለሰ ዝርከብ ኣብዚ ነበም ኧንዲገና ምትንታኑ ኣድሳዮ ኣይነበነ ።

ሉሳ - ሜ ዋ

ሉሳ ቅድሚ ብዙሕ ዘመናት ካብ ኢትዮጵያ ዝመጹ ሳሴት ኢዮም ይበሃል ። ገዛኢ ዝበሃል ዘይፈለጡ ፡ ሃብታማት ፡ ነዳ ህዝቢ ምስዮም ይዘንት ። ብረዘ ወይ ብዘመን ሃዳይ ሰይፈ ኣርዕድ ፡ ሓዲ ስብኣይ ካብ ኢትዮጵያ ጋሽ ነቦኑ መጺኡ ኣብ ሳዲም ሓዲር ። ጽቡቕ ገይሮም ለሰ ዘይተቐበልዎ ጉህዩ ፣ ኧኽጉድኣም ሓለበ ኧሞ ፡ ንሳዲ ምለተመፀሰ ፡ ፣ንጉስ ፡ ሉሳ ዝበሃሉ ጽሩይ ኣጽዋር ውግኣ ዘሰ ዎም መግዛኣቲ ዘይፈልጡ ሃብታማት ህዝቢ ኣብ ኤርትራ ኣሰው ኢኑ ነሮ ። ንጉስ ነነ ኣብ ሳዲ ኣንጻሩ ዝኾኑ ተኣዛዙ ዘይዎጽው ዘሸግርዎ ሕዝቢ ለሰ ዝነበርዎ ፡ ምኽንያት ሪኪቡ ፡ ሉሳ ቀቲሉም የጥፍኣዎም ብዝብል ሓሳብ ተስፋ ብምግባር ፡ ኣብ ኤርትራ ሉሳ ዝበሃል ሃብታም ህዝቢ ኣሉ ፡ ንዑ ኒዲ ሒ ዝኑም ግዝኣዎ በሉም ። መጺኣም ንሉሳ ወኒኣም ለሳሪዎም ጨሲሮም ጽማ ገዝኡዎም ። ኦምና ጭዋ ኢዩ በኩ ። ጽሕሪ ገለ ጊዜ ፡ ሉሳ ካብ ባርነት ጭዋ ክወጹ ሓለቡ ፡ ብምለጠር ተማኺሮም ጽማ ጨጭዋኣም ክቐትሉ መ ዱቡ ። ብዘይካ ሉሳ ኧክቲ ነነኣ ኑሉም ነበሙዋሉም ፈጻሙ ። ንኧነቲ ምኞ ንያቱ ኧነተሓተቱዎም ፡ ገበሉም ኢዩ በጺሑና ኣይ ነነኣፍናዮን ኧናበሉ መሰሱ ሉም ። እዘም ሉሚ ዘሎው ጭዋ ፡ ዲቂ ኧቲ ካብ ሞት ዝዲሓነ ኣብ ኧነቲ ዝነበረ ኢዮም ይበሃል ። ሉሳ ፡ ዲቂ ተለፋገርግስ ነቅዲ ካብ ቄራ ዝመጹ ኢዮም ይብል ነነቲ ሮኪኒ ። [18] ለሰዚ ጽማ መስርትም ኣገዉ ይመስል ።

[18] CONTI ROSSINI - TRADIZIONI DELL'ERTREA TIGRINA - P. 163

ሉሳ በዚ ጊዜዚ ኣብ ኣውራዊታት ሓማሴንን ሰራየን ኣነሰ-ጉዛይን ነበረንን ፋሕ ኢሉም ይርከቡ ። ነበም ሓዲ ሳሴት ብብዝሒ ሓቢሮም ዝነብሩ ሉሳን ጭዋን ኣብ መንነ ሰራየን ሓማሴንን ዝርከብ መሬት ሉሳጭዋ ሰፊሮም ይርከቡ ። ብሓዲ ሕጊ ብሓዲ ስርዓት ነነ ይናበሩ ፡ ቁንቋ ትግርኛ ኧውን ይዛረቡ ። ኧቲ ኣብ ፈቐዱ ኣውራዊታት ፋሕ ኢለነ ምንባር የጉህየም ለሰ ዝኾነ ፡ ብሓዲሳ ቢሮም ርኧሱ ዝኾኑለ ኣውራዊ ንምፍጣር ይትምነዩ ። ሹም ኣሕዋት ዝበሃለ ህዝቢ ዝመርጽ ናይ ክብሪ መራሒ ኧለዎም ። ብ1974 ዓ.ም ሉሳ-ጭዋ ነብ ሓማሴንን ሰራየን ተፈለዩ ናይ ባዕሳ ኣውራዊ ነበቓቁዲሳ ንመንግስቲ ኢትዮ ጵያ ጠየቑ ። ኧንዲሁ ነዚ ሓሳባትዚ ለሰ ዝዲገፎ ፡ ኧቲ ጉዓይ ተጸኒዑ ነ ቑርበኩ ሓዲ ነብ ኣመሓዳርቲ መሬት ነመዲ ስዮን ኣቑመ ። ኧንተኾነ ኧቲ ጉዓይ ኧና ተጻንዐ ኧንነበሎ ዓለም ኣርኪባ ፋሕ ፋሕ ነነ ። ኧቲ ጉዓይ ነዚምዘሎ ተረፈ ።

መሓዊ (ወማዓውያ)

መዓውዒ ሰፊሕ ዓሴት ኢዩ ። ኣብ ኤርትራን ትግራይን ዝርከብ ዓሴ ት መዓውዒ ኢዩ ተባሂሉ ዝኧመነሉ ኧዚ ዝስዕብ ኢዩ ። ገሊኡ ብጽሑፍ ኧተዲገፈ ነነኽውን ኧንነበሎ ፡ ኧቲ ገሊኡ ነነኣ ነብ ኣፍ ዓበይቲ ኧተረኽበ ኢዩ ።

ኣውራጃ ኣነሰ-ጉዛይ

ሓዞ
ስሩኽሶ
ቱርዓ (ቤት ሰራሕን ቤት መስገ)
ኧንጋንኣ
ኧገሳ ሓጽን
ዓዲግሰ
ሮብራ
ቀይሕ (ዓዲ ቀይሕ)

ኣውራጃ ነብረን

መገሳዕ
ማርዓ
ኣሸንብራ

ኣውራጃ ሰራየ

ጉንዱት ዓይሳ
ጠፈንፈስ
ሰማማዕ
ዓዲ ሹም ብርሃኑ
ቶምዘኧ

ኣውራጃ ሓማሴን

ዲቂ ሸሓይ
ሳምዛ

ኣውራጃ ሳሕፊ

ዓድ ዓምዲይ (ሓዞ)
ዓድ ጋሄድ (ኧገሳ ሓጽን)

ኣውራኺ ዓንነስሐ	ኣብ ትግራይ
ሓለባ	ሓዘ
	ስሩክ ሶ
ኣብ ጂቡቲ	ስመ
	ሓነነ
ሓሶባ	

ቅድሚ ኣብ ቀንጺ ነገር ምኽታው ብዛዕባ ኣዘም ህዝቢ ዝረረየ መዓ ውያ ምግሳጽ ኣገዳሲ ኾይኑ እረኸቦ። መዓዉያ ካብ ኡመያ ዓሌት ቁሪሽ እዩ። ንሱ ኣብ ክተማ መካ ዝተወልዱ ሓደ ካብቶም ንነቢይ መሓመድ ኣማው ክፍጽሙ ዝሓገዙ ሓሙሽተ ዓበይቲ ሰባት እዮ። ኣቦኡ ኣንጻር ነቢይ መሓ መድን ሃይማኖቱን ኮይኑ፡ ኣዋልድ ኡመያ ኸንታይ ክብሃ ኽናበሉ ከይኣመነ ሞተ። መሓመድ ምስ ሞተ ብቑቓዕ ህዝቢ ከሊፋ ተባሂሉ፡ ዑስማን ዘመፁ መዓዉያ ንመሓመድ ተኽኦ። ንሱ ኽን ንመዓዉያ ናይ ግብጺ ገዛኢ ሸሞ።

ኣዕራብ ኣብ ክልተ ዓሌታት ዝተመቐሉ እየም። በኒ ኡሙያን በኒ ሃሺምን ይበሃሉ፡ በኒ ሃሺም ዱቂ ጓል ነብይ መሓመድ እዮም፡ ካብ ዓሌት ሃሺም ጥራይ ኢዮ ክነግለ ዝግባኣ ዝብጹ ኽምነት ክን ነበሮም። ኽዘም ጸግዒ ህዝቢ ዘይነበሮም፡ መቕረባ ነቢይ መሓመድ ብምኾኖም ሸብ ት ንዓና እዮ ዝግባኣ ዝብሉ ንከሊፋ ዑስማን ብፈውሲ መሬዘም ቀተልዎ። ዓሊ ሰብኣይ ፋጥና ጓል ነቢይ ክን ከሊፋ ተሾመ። መዓዉያ ግብሮም ፈሲጡ ሸፊተ። ብሓይሉ፡ ንቃልስጤምን ሶርያን ናብ ግብጺ ሓዊሱ ናጽነት ኣወጁ። ኢየሩሳሌም ድማ ርእሰ-ክተማኡ ኮነት።

ዓሊ፡ ንመዓዉያ ግዱፍ ናብ ስርዓት ተመሰለ ኽናበሉ መዓዱ፡ ምስ ኣበዮ ግን ዓረብን ፋርስን ካልኦት ዓሌታትን ዘሰለፈ ሰራዊት ኮነት መሪሑ ንመዓዉያ ክወግኣ ዘመተ። ኮነት መዓዉያ ግብጻዉያንን ሶርያውያንን ይ ልከጠምነ ዝሓዘ ንኣኽቓይ ሰራዊት ነበረ። መዓዉያ፡ ኮነት ንምስዓር ቆሪጽ ነት ኽምበር ብዝሒ ወተሃዳር ዘየዳሉ ምኻኑ ተገንዚቡ፡ ብዘይ ሓዴ እግ ኣት ተዳልዮ ይጽበዮ ነበረ። ካልኦቲኡ ሓይልታት ኣብ ጐልጐሐ ካርበሳ ምስተራኸበ፡ ሰራዊት መዓዉያ "ሳኣ ኢሳ ሃይሳሳ፡ መሓመድ ሪሱል ኣላህ" ዝብል ጽሑፍ ሰሌዳታት ኣምሪሑ ኣብ ዓዉዲ ዉግኣ ኣተወ። ወተሃዳራት ዓሊ ነዚ ምስ'ንበቡ፡ ኣንዳር ቆርዓን ኣይንዋጋእን ኢሎም ሃዲሞም ከዱ ኣሞ ዱም ከይፈሰሰ ተፈሳሰዩ።

ጽሕሪኡ ዓበይቲ ዓዱ ክሳር ቁዎ ፈተኑ፡ እንተኾነ ዱባዓት ዝበሃሉ ዓሌ ት ሶርያ ካብ መንግስቲ ሸፊቶም ከቢድ ቅጽዓት ተቐጽዮ፡ ሓንቲ ምፍእቲ

እንዲ ብዘይካ ሓንቲ ጽብቕቲ ጓል ኩሳ ጸነተት። እዛ ጓል ንኽምርዓዋ ዝ ጸለየ ኩሉ፡ ዝምርዓዉኒ ንዓኪን ንመዓዉያን ንገዛኢ ግብጽን ዝቕተሉ ጥራይ ኢዩ ኢሳ ኣበየት። ኦሶ'ዚ ነዞም ሰለስተ ሰበ-ስልጣን ዝቕትሉ ሰብ ስተ ሰብኣይ ብምስጢር ተመዓቡ። ዓሊ ኣብ መስረፍ ክጽሊ እንከሎ ብ ካራ ተወጊኡ ሞተ። መዓዉያ ኣብ ብርኩ ተወጊኡ ጸሓነ። ንገዛኢ ግብጺ ዝሓነቡዎ ብጌጋ ንኻልኣ ሰብ ቀተሉ። ዱሕሪ ሞት ዓሊ፡ ሓሰን ዝተባህ ለ ወዱ፡ ወዲ ጓል ነብይ ብምኻኑ ክሊፋ ክኽውን ህዝቢ መረጾ። መዓዉ ያ ኣዉን ተስማሚው ኦልጣኑ ፈለጠሉ።

ሓሰን፡ ጽውታ ዝፈተ ናይ ምምሕዳር ዝምባሌ ዘይብሉ መንኣሰይ ብ ምግባሩ ካብ ሚኣቲ ጊዜ ዘይዉሕዲ ተመርዕዩ ፈትሑ። ግዱፍ ናይ ሃገር ጉዳይ ኣይትዘነግዕ ኣናበሉ መዓዉያ ብዙሕ መኽሮ። ንሱ ግን ናይ ርኣሱ ጉዳይ ጥራሕ ይግድሶ ኦሎ ዝነበረ፡ ንመዓዉያ በዓል ምሉኣ ስልጣን ኣልጋወራኽ ገበሮ። ብዝመሰሎ ንህዝቢ ካመሓድር ክን ፈቐዱሉ። ሓሰን ኣብ ኣርባዓ ን ሓሙሽተን ዕድሚኡ ሞተ። ዱሕሪኡ መዓዉያ ነቲ ከሊፋ ዝብል ሃይማ ኖታዊ ሹመት ኣትሪፉ መፅከ መዓዉያ ቀዳማዊ ኣበለ (መልክ፡ንጉስ)። ኣንጻር ኣምነት ምሸልምና ዝኽነ ኣገባብ ብምፍጻሙ ድማ ኣለሳም ነዚ ብኢዱ ዋኒኑ ዝቐየሮ ሹመት ተቓወሙዎ። እንተኾነ ከልሙጥዎ ኣይከኣ ሉን። መዓዉያ ብዘርኣዮ ከእሰትን ብዝነበሮ ቆልጠትን ትዕግስትን ቅራዲ ኖኑን ሓዱ ካብቶም ዝጓበዮ ነገስታት ዓለም ምኽኑ ታሪኽ ይምስክሩሉ።[19] ኣብ መንጉኡን ኣዕሩኽቱን ንዝህሉ ዝምድና ንምግሳጽ፡ ኣብ መንገሪኡን ብ ጸተይን ሓንቲ ጸጉሪ ኣተሓዚዛትና እንተልያ ኣይበትካን፡ እንተሰዓቡኒ እስ ሕበም እንተሰሓቡኒ ኽኣ እስዕቦም፡ ይብል ነቢ።

መዓዉያ ዋና ነተማኡ ዱማስቅስ ገይሩ ካብ ኩሉ ትሕቲ ምምሕዳራዝ ነቢ ዓድታት ፈሳጣት ኣኪቡ ሃይማኖታን ግጥምታትን ዱርቕታትን ሙዚቃን ታሪኽ ን ብጠቕሳሳ ባሕሊ ኣእሪሑ ነቲ ኣብ ትሕቲ መንግስቱ ዝመሓዳር ዝነበረ ህ ዝቢ ብሓዱ ባህሊ ከምዝኣምን ገበሮ። ኦርዓት መንግስቲ መስረቱ፡ ነቲ ኣብ ኣእዳን ኤውሮቓን ኣቓሬቃን ዝነበረ ሰፊሕ ግዝኣት ኣእሳም፡ ኣብ ኣወራሽ ታትን ጠቕሳይ ግዝኣትን መቕቕሱ በብዱሪኺኡ ኣመሓዳርቲ ሾመ። ናይ መፅኽፍትታት ምትሕልሳዎ ስርዓት (ፓስጣ) ዝመስረተ ኣብ ዓሰም ቀዳማይ ንሱ እዩ።

ካብ ሓንቲ ሶርያዊት ወዲ ዐሊዱ የዚድ ኢሉ ሰመዮ። ኣዱ የዚድ ናይ ቤተ መንግስቲ ናብራ ከቢዱዎ ኣብ ዛገር-ሰብ ክትትመጥ ሓተተት እሞ ፈቐ

[19] - ዶክተር ሓሰን ሑሰን - ኤል ኢማም ወኣስዓሳ - ገጽ 25
- PHILIP K. HITTI - THE ARABS A SHORT HISTORY - PP. 76-79

ዴሳ ድማ። የዚድ ዓችመ ኣዲም ክሳብ ዝበጽሕ ኣብ ሃገረስብ ይችመኖ ነበረ። ሃዳናይን ገማማይን ክኣክነ። ምስ ዓበየ ናይ ቤተ መንግስቲ ኦርዓት ንክመሀሮ ኣቡኡ ወሰዱ። ገሱ'ውን ተማህየ'ሞ ጌግና ኦውን ኮነ። መዓውዪ ናይ ህዝቢ ተዳይነት ከይሰዓሉ ፈለሁ ኣለጋ ወሪኽ ኣይሰየሞን። በቲ "ኣዋጊ "ወ ሰድ ኣብሂ" ዝበሃል ሓዉ መዓውዪ ኣብ ባቕዓድ ተቐሚጡ ንኢራቕ የ መሓድር ነበረ። "ወሰድ ኣብሂ" ድቓሳ ማለት ኢዩ። ኣቡሱፓያን፡ኣቦ መ ዓውዪ ብመሰን ዝወሰዱ ስለ ዝነበረ ፡ ዋሳ ኦኻ ወዱ ምኸኑ ኣረጋገጹ ይ ፈልጥ ኦንተነበረ ብሕጊ ዓረብ ድቓሳ ጽሑኦ ስለ ዝኾነ "ወሰድ ኣብሂ" በሎ። ዝኾነ ዮይኑ መዓውዪ ብገለ ምኽንያት ካብ ማእኣት ኢራቕ ኣፊጣ ሶ'ሞ፡በዚ ጉህዩ ኣብ ሽመቶ ከመይሉ ከምዝምሰለ ብዙሕ ሓሰበ።

"ወሰድ ኣብሂ" ሓዲ መዓልቲ ኣብ ቅድሚ ሓዉ መዓውዪ ቀሪቡ ገየዚድ ኣልጋወሪኽ ግበሮ በሎ። ንሱ ድማ ኑቕብልና ኣቢሉ-ኦዚ ናይ ህዝ ቢ ጽሑኣ ከልዕሰ ስለ ዝኾኦል ኣይከውንን ኢዩ ኦናበለ መሰሸሉ። ኣብ ታ ሽመተይ ምሰለኒ ኦሞ ህዝቢ ባዕለይ ከምዝፈቱ ክገብሮ ኢየ ለለ ዝበ ሎ ኣብ ሽመቶ መሰለ። ህዝቢ ዒራቕ ብርቱዕ ነበረ ኦሞ ፡ንሱ ዝተሰማማ ዓሉ ካልኦ ህዝቢ ኦውን ከምዘይነጽጎ ለለ ዝፈለጠ፡ መሰድ ኣብሂ ዓበይቲ ዓዲ ኣኪቡ ኦቲ ሓሳቡ ኣቕሪቡ ንኾልክልዎ ኦውን ኣተባብያም። በቲ ሓሳቡ ም ስ ተሰማምዑ ፡ ከምኣ ንሱ ዝዓሰዓ ጽሒፋ ንኹሉም ንፈሪሙ ናብ መሰክ መዓውዪ ሒዞምዎ ክቕርቡን ኣድሳዱ ኮይኑ ምስ ዝርክብ ከነ ኣስፈሓም ንኾዛቡን ሰ ኣኽም። ናብ መሰክ መዓውዪ ከይዱም መልኦኽቶም ፊጸሙ የዚድ ድማ ኣልጋወሪኽ ተባህሉ።

መዓውዪ ምስ ሞተ፡የዚድ ወዱ መሓክ ተባህሉ። ሑሰን፡ወጺጌሰ ነብዩ ኢየ ሽመት ንዓይ ይግባኽ ብዝብሉ ዓረብን ፋርስን ኣኽቲኡ ኣንፃር የዚድ ተሳዕለ ኣሞ የዚድ ወግኣ ገጢሙ ቀተሉ ንሰራዊቱ ኦውን በተኖም። የዚድ ለለስተ ዓ መት ጥራይ ነገሱ ሞተ። ዓቢይ ወዱ ብለምሮ ዲግማዊ መዓውዪ ነገሰ፡ኣን ተኽነ ሕሙም ለለ ዝነበረ ምስ ነገሰ ድሕሪ ኣርባዓ መዓልቶ ሞተ። ኣሕ ዋቱ ንኣኽቱ ብምንባሮም ድማ ብሓዱ ቀሪባ ዘመዱ ተተክአ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ በኒ ሂኪም ዲቂ ንልሰ ነብይ ኣንፃር መነግስቲ ኡመያ ብሓይሊ ተሳዕ ሱ ፡ ካብ ኩሉ ዓድታት ኣለሳም ነገኣ ዲገጽ ረኽቡ ፡ኩሩናት ገጢሞም ለለ ዝሰ ዓረ ንዓሴት በኒ ኡመያ ብዘይ ምሕረት ቀተልዎም። በኒ ኡመያ ሃገር ሰ ቕ ቆም ቡብኣቕጣጫኡ ሃዱሙ። ዓሴት መዓውዪ ንየመን ነገሙ ፡ኣብኡው ን ለለ ዘርክቡዎም ብወኽመጥ ባብ ኤፊ መነዲብ ንኣዎሪቑ ሰገረ። ኣብ ዘይሓዕ ዝተባህለ ቦታ ድማ ንነለ ጊዜ ተቐመጡ። ካብኡ በብቕሩብ ፆሙ ኽ እናበሉ ኣብ ሓውሲ ዴሴት ቡሪ በጽሑ። ኣብዚ ድማ ብዙሕ መሰዱ ጸንሑ። ዳሕሪ ነዊሕ ኣዋን ቀጽሮም ምለ በዝሐ ኾኽበሳ ኤርትራ ጸየ

ቡ፡ ካብኡ ገሊኦም ንትግራይ ነብሩ ፡ካልኦት ኣብ ኣከሰንዛይን ሓማሴንን ለደሩ ፡ጸኒሖም ነኻ ንነብን ፡ሳሕል ፡ለምሃር ፡ለራየ ፡ፋሕ በሉ።

ሳልማን ባይሑቅ ዝበሃል ካብ ዓሴት መዓውዪ ኣብ ቡሪ ይችመጥ ነበ ረ። ካብ ሓንቲ ንልነ ሓወቦኡ ዓረብ ለለስተ ኣመፍት መሰዱ። ኣሕመዋ ሱዘ) ዓብዱላ (ሱሩኽለ) ዕመር (ትርዓ) ለመዮም። ሳልሞን ንዲቁ ኣብ ቡሪ ሓጺጉ ንዝባን ሓማሳን መጽኡ። ኣብዚ ሎሚ ዒምበዛን ተባሂሉ ዝ ጽዋዕ ዘሎ መሬት፡ባርማለ ዝበሃለ ህዝቢ ለፈሩ ዓንሉ ፡ናትም ጋሻ ኮደ ኑኽኣ ተቐመጠ። ሳልሞን ንቐሕ ለብኣይ ለለ ዝነበረ ኾነ ሹም ባርማለ ለለ ዝፈተዎ ኣማኻሪኡ ገበሮ። ጸኒሑ ድማ ጊሉ ንመርዓ ሃቦ። ካብን ኾነ መርዓለ (ማንሹ) መራ (ማርዮ) ዝለመዮም ክፍተ ኣመፍት መሰዱ። ን ቀዳሞት ዒቁ ኾርኡ ኢሉ ንቡሪ ምስ ተመፍለ ድማ ኣብኡ ተረፈ። ማ ንሹን ማርዮን ምለ ኣዲኦም ዓበዩ ኾርለቲያን ነኣኾኑ። ኣቦሓጎኦም (ኣቦኺኦም) ኣጸቢቑ ይፈትዎም ለለ ዝነበረ ድሕሪ ሞቱ ዒቁ ንኾይጉጹኦ ምካብ ዓለርተዉኾዱኾተ ዓሴታት ዝተዋጽኡ መለነይታ ሂቡ፡ኣብ ሃይገት ዝተባህለ ቦታ ኣቕሚጡ፡ርለቶም ኾትነዉን መሪቑሉም።

ገለ ዓመታት ብሓጹ ድሕሪ ምጽናሕ ቦቕሊ ማርዮ ጸሊቑ ብሓለሓለ ኣቢሳ ንኢሮታ ነገጹ። ኣለራ ተኽቲሉም ኣብ ኢሮታ ኮኾቡዋ'ሞ ሒዘምዋ ነኻ ተመፍሉ። ንኾለንኣይ ጊዜ ድማ ጸሊቕ ነዉኋ'ም ኣብኡ ሪኾቡዋ። መ ሬት ኢሮታ ለምለም ለለ ዝኾነ ማርዮ ንማንሹ ሓው ፡ቦቕለይ ካብ ትመር ጸ ኣብዚ ንቀመጥ ቦሎ። ማንሹ ግን ኣታ በዓለቲ ክፍተ ቆጽሊ ሂዩገች ሓዲገ ኣብ ሓጋይ ኢሮታ ኣይቅመጥን ኢሉ ንዓዱ ተመፍለ፡ነገ'ዚ ኢሉም ድማ ተፈላለዩ። በብዓይኡም ነቲ ኣብ ዙርያኡም ዝርክብ ዝነበ ረ ህዝቢ ብጥበብ ሒዞም ማዝኣቶም ኣእቖሑ።

ሓዘ

